
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.202 ሓሙስ 24 ሚያዝያ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ናጽነት ካልእ ተወሳኺ ቃል . .



ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 5
ዕድመ ኣብ ፍቕሪ ቀጽሪ ድዩ?


ገጽ 11
ደሃይ ተቐዳደምትና

## ዓንሰባ - ሕማም 'ቲቢ' ንምቁጽጻር ዝካየድ ጻዕሪ ኣተባባዒ ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሕማም 'ቲቢ' ንምቍጽጻር ዝካየድ ጻዕሪ ኣተባባዒ ወጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊት ኣሃዱ ምቍጽጻር ሕማም 'ቲቢ' ነርስ እንትሳር ዓብደልቓደር ሓቢራ።

ብብእዋኑ ዝምደብ ዘሎ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብን ዝዋደድ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ነቲ ሕማም ብኣጋ ኣብ ምንጻርን ሳዕቤናቱ ኣብ ምጕዳልን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኣብ ከረን ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ማሳርሕ መመርመሪ ናብ 15 ቦታታት ሰፊሑ ከምዘሎ ኣዘራረ።

ዝሓለፈ ዓመት መርመራ ካብ ዝገበሩ 3,574 ዜጋታት 185 ቡቲ ሕማም ተለኺፎም ምጃንሖም ብምሕባር፡ እዚ ምስ ናይ 2023 ክነጻጸር ከሎ ብ33 ሚእታዊት ከምዝነደለ ገሊጻ።

ንኣሳን ዞባታት ሃገር፡ ገሊብን ከረንን እተን ቀንዲ መልከፍቲ ሕማም 'ቲቢ' ዝርኣየለን ምኽንያን ዝሓበረት ነርስ እንትሳር፡ ኣብ'ኣን ዘተኩረ ሓያል ኀሰሳሳት ይካየድ ከምዘሎ ኣገንዚባ።

"ሕማም 'ቲቢ' ክፍወስ ዝኽእል፡ ሕሙማት ምስ ዝርከቡ'ዮም" ዝበለት ነርስ እንትሳር፡ ምስ ምልላይ ሕሙማት፡ ዝርግሐ ናይ'ቲ ሕማም ብኡ ማጠን ስለዝኸስ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ኣብ ዝሕግዝ ኀሰሳሳት ኣተኩሮም ይሰርሑ ከምዝለዉ ኣፍሊጣ።

ገጢ-ገጢ'ቲ ኀሰሳሳት፡ ምስ ሕሙማት ቅርበት ኣብ ዘለዎም ዝገበር ተፍትሽ ብዝለዓለ ክካየድ፡ ከምኡ'ውን ምዕዳል መከላኸሊ መድሃኒት፡ ካብ ዝተታሕዘ መደባት ምኻኑ ኣዘራረ።

ነርስ እንትሳር ኣብ መወዳእታ፡ ምልክታት ሕማም 'ቲቢ' ዝተራእዮ ሰብ ብዘቐልጠፈ ናብ ትካል ጥዕና ክመጽእ፣ ጸረፍት ከበኡን ነፍሱን ክሕሉን ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ ክምግብ፣ ህጻናት ደማ ክታብት ጸረ ሕማም 'ቲቢ' ክወስዱ ኣዘኻኸረ።



## ኣፍዓበት - ንኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን መብርሂ ተዋሂቡ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ፡ ብ18ን-19ን ሚያዝያ ንኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ምምሕዳራት ከባቢ ከምኡ'ውን ሸማግለታት ዕርቂ፡ ብዛዕባ ሓደስቲ መደባት ስራሕን ተራኦም ኣብ ትግባረኦምን መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ንዝተራእየ ዕዙዝ ተሳትፎ ህዝቢ ዘመገሰ ኣቶ ኣሕመድ፡ ዝተመርጹ ኣስርቶም ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣድማዒ ስራሕ ዘሰላሰሉ ብምስዓቡ፡ ህዝቦም ብዮገቡእ ወዲቦም ዝተወጠነ መደባት ብሓፈሻ፡ ምዕቃብ ማይን ሐመድን፡ ጽሬት ኣከባቢ፡ ጉዳይ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ምክልኻል ብርሰት ኣግራብን ምትካል ሓደሽ ፈልሲታትን ንምዕዋት ብልዑል ንቕሓት ክሰርሑ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንስልጣንን ዕማማትን ሽማግለታት ዕርቂ ዝምልከት መብርሂ ከምእተዋህበ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዕድመኡ ንትምህርቲ ዝኣኸለ ቈልዓ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንኽለኣኽ ዝገበር ገሰጻሳት ክሕየል፣ ዋሕዲን ብኩራትን መምህራን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ፈልሲታት ኣብ እዋኑ ክዕደልን ኣግራብ ዝሕልዉ መተባብዒ ክግበረሎምን፣ ከምኡ'ውን ቀጽሪ ኣብ ንጥፈታት ማሕረስ ዝዋፈሩ ትራክተራት ክውሰኽ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ብኻልእ ወገኑ ኣኪያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ገሮግስ መዝገቡ ንዝተመርጹ ሓደስቲ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠና ሂቡ።

## ኦምሓጀር - ኣልማዕቲ ጀራዲን፡ ጠለባት ከባቢኦም ንምምላእ ይሰርሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ - ምምሕዳር ከባቢ ኦምሓጀር ኣብ ጕማጕም ሩባ ሰቲት ኣሕምልትን ፍረታትን ዘልምዑ ሓረስቶት፡ ምህርቶም ብምዕባይ ጠለብት ከባቢኦም ንምምላእ ደሰርሑ ከምዘለዉ ገለጾም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓብሬታ፡ ከባቢኦም ሃብታም ትሕዝቶ ማይን መሬትን'ኳ እንተለዎ፡ ማዕረ ዘለዎ ብልጫታት



ዝዳረግ ንጥፈታት ከኪይዱ ከምዘይጸንሐ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግና ማስኖ ተጠቒሞም ብዕቱብ ይሰርሑሉ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ብዘደሉብዎ ተመኩሮን ምኽሪ ሞያውያን ሕርሻን ፍርያቶም ብዓይነትን መጠንን ንምዕባይ ዝሕግዞም ኣገባብ ብምትእትታው ጣፍ ከይተረፈ ከፍርዩ ከምዝበቕዑ ዝጠቐሱ'ዮም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ማይን ጸዓትን ዝቘጥብ ሜላታት ንምትእትታው ኣብ ዝገበርዎ ፈተነ፡ ደገፍ ሞያውያን ከይፍለዮም ተማሕጺኖም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኦምሓጀር ኣቶ ዓንደም ግብጻዊ ብወገኑ፡ ኣብ ጕማጕም ሩባ ሰቲት 150 ሄክታር ዝልምዑ ዘለዉ 21 ሓረስቶት፡ ፍርያቶም ንምዕባይ ዝሕግዞም ስልጠና ከምዝወሃቦም ብምሕባር፡ ካብ ተጠቃምነት ቀመማዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መኻዕበቲ እቶትን ጸረ ባልዕ መድሃኒታትን ተቘጢቦም፡ ፍርያቶም ብዓይነትን መጠንን ክብ ንምባል ንዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕሪ መጕሱ።

# ተራእምኒ - ባህሊ ንባብ ኣብ ተመሃሮ ንምስራጽ ዝዓለመ መደብ ተኻዪዱ

ዜና


ስእሊ: ዘርኣይ ብርሃነ

ኣብ ተራእምኒ፡ ባህሊ ንባብ ኣብ ተመሃሮን ወለድን ንምስራጽ ዝዓለመ መደብ፡ ብ17 ሚያዝያ ተኻዩዱ።

እቲ ተመሃሮን ወለድን ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ሌላ ምስ ጸሓፍትን መጽሓፍትን፣ ኣብ ኣገዳስነት ንባብ ዘተኮረ ስነጥበባዊ መሰናድኣታት፣ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ጽሑፋት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ርእሰመምህር መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ተራእምኒ መምህር ግርማይ መሓሪ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ንካልኣይ ዓመቱ ዝተወደበ መደብ፡ ባህሊ ንባብ ኣብ ተመሃሮ ንምስራጽ እወታዊ ተራ ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ንባብ መፍትሕ ኣእምሮ ስለዝኾነ ኩሉ ሰብ ክዘውትሮ ምዒዱ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝጸጥፉ ተመሃሮ ፍርያቶም ንምርኣይ ከቕርቡ ከለዉ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ብሉፋት፣ ምስ ንባብ ኣብ ዝተኣሳሰር ድማ ብፍላይ ንሉሕ ተራ ንዘዘጻወቱ ተመሃሮን መምህራንን ሽልማት ተዓዲሉ።

ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ተራእምኒ፡ ካብ ጸቦ፡ ታኺታ፡ ጉላን ተራእምንን ዝመጽኡ ልዕሊ 1700 ተመሃሮ ተቐቢላ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ።

# ንሓርበኛታት ስንኩላን ዝወሃብ ልቓሕ፡ ዘተባብዕ ውጽኢት ይርከቦ

ኣብ ሃገርና፡ ንሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ዝዓበር ሓገዛትን ወለድ ዘይብሉ ልቓሕን ውጽኢቱ ዘተባብዕ ምኻኑ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ኣቶ ፍስሃየ ተስፋሚካኤል ሓቢሩ።

ማሕበር ኣብ 1993 ምስ ተመስረተ፡ ንኣባላቱ ብሞያታት ጽርበት ሓጺን ዕንጸይቲ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ምምራሕ ማኪና፡ ድራውሊካን ካልእን ከምዝሰልጠነ ዝሓበረ ኣቶ ፍስሃየ፡ ማበሲ ዝኾነ ገንዘባዊ ሓገዝ ንክረኽቡ ብዘወጸ መደብ ድማ፡ ንልዕሊ 6 ሽሕ ብመልክዕ ዘዋሪ ልቓሕ ኣስታት 176 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝረኸቡን 26 ሚእታዊት ካብኡ ተመላሲ ከምዝኾነን ኣፍሊጡ።

መደብ ምጥያሽ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ማሕበር ብደገፍ መንግስትን መሓውራቱን ኣባላቱ ንፍሶም ንክኽእሉ ዝፈደ ጻዕሪ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ፍስሃየ፡ ልቓሕካ ቀልጢፍካ ናይ ምምላስ ባህሊ ምስ ዝዘውተር፡ እቲ ዕድል ናብ ኩሉ ኣባል ክበጽሕን ወጽኢታዊ ክኸውንን ከምዝኽእል ኣገንዚቡ።

ኣባላት ማሕበር ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ካብ ዝረኽብዎ ወጻኢታት እቲ 70 ሚእታዊት ብማሕበር ከምዝሽፈንሎም ጠቒሱ ድማ፡ ገዛ-ገዛዚ - ብፍሉይ ሕክምና ዓይኒን መጸርን ብቐረባ ምእንቲ ክረኽቡ፡ ማሕበር ምስ ኣብ ኖርወይ ዝርከቡ ኣባላቱ ተሓቢሩ ዘመናዊ መመርመሪን መመስርሒ መጸርን ኣብ ኣስመራ ከምዝተኸለ ገሊጹ።

ማሕበር ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ካብ ዝርከቡ ኣባላቱን ግዱሳት ወገናትን ንዝተፈላለየ ፕሮጀክታት ዝውዕል ልዕሊ 6.7 ሚልዮን ናቕፋ ገንዘባዊ ሓገዝ ከምዝረኸበ ዝሓበረ ኣቶ ፍስሃየ፡ ኣባላት ማሕበር ጥዕናኦም ንምሕላው ዝግልገሉሉ፡ ዋጋ 250 ሽሕ ዩሮ ዘመናዊ ማእከላት ጂምናዝዮም፡ ኣብ ከተማታት ኣስመራ፡ ከረን፡ መንደፈራን ባረንቱን ከምዝዋደደ ሓቢሩ።

ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ሓበሬታን ማሕበር ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ ብወገኑ፡ ኣባላት ማሕበር ብህዝብን መንግስትን ሳላ ዝግበረሎም ሓልዮትን ናብዮትን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከምዝርከቡ ኣረጋጊጹ።

# ዝናብ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኩዶ-ፈላሲን ዓዲ-ብሪን ብ19 ሚያዝያ ዝወቐዐ ንፋስን በረድን ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሕርሻ፡ ጥሪትን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ዝቐጸለ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ልዕሊ 150 ሄክታር ብማስኖ ዝለምዐ ኣሕምልትን ዘራእትን ከምእተደምሰሰ፡ እቲ ደንገዩ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ከተማ መንደፈራ'ውን ኣብ ኣብያትን ዓንድታትን ኤለክትሪክን ዕንወት ከወርድ ከሎ፡ 50 ጤሉብበዕ ብበረድ ከምዝሞታ ተሓቢሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዜና፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ብ18ን 19ን ሚያዝያ ንፋስን በረድን ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ ከምዝወቐዐ፡ ካብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ብዘይካዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ባይዕ ብ20 ሚያዝያ ዝወቐዐ ህቦብላን በረድን ዝተሓወሶ ዝናብ፡ ኣብ ጀራዲን ጉድኣት ኣውሪዱ።

እቲ ኣብ ሰዓታት ምሸት ንኣስታት ሰዓትን ፈረቓን ዝወቐዐ ዝናብ፡ ሰማዝ ኣብ ዝበረ ምሩጽ ዘርኢ ድኳሽ ከምኡ'ውን ኣሕምልትን ፍረታትን ዕንወት ከምዘውረደ፡ ክኢላ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ወ/ሮ መዘወይኒ ኪዳ ሓቢራ።

በቲ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ፡ ኣብ ሰብ ኮነ ጥሪትን ኣብያትን ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየሉ ብዘተወሳኺ ገሊጻ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ባይዕ ኣቶ ገብረመድህን ተስፋማስቀል ብወገኑ፡ ንኽብዚሕ ዝዘርኦ ድኳሽ ጉድኣት ስለዘወረዶ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ንምትካኡ ስጉምቲ ክወስዱ ጸዊዑ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ሳምራዊት ሃብተ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ሞልቀ - ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይትዓብር ሓዳስ ዲጋ ትህነጽ ኣላ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይትዓብር - ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ሸግር ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ንምቅላልን መጠነ ንኡስ መስኖኣዊ ሕርሻ ንምትእትታውን ሓዳስ ዲጋ ትህነጽ ኣላ።

እታ ብልዑል ተሳትፎ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ትህነጽ ዘላ 120 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዋ ዲጋ፡ 80 ሚእታዊት መስርሕ ህንጸታ ከምእተዛዘመ፡ ነቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ኢንጂነር ሰለሙን ገብረማስቀል ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣይትዓብር ኣቶ ተስፋሚካኤል ገብሩ ብወገኑ፡ እታ ዲጋ ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ተን ብደረጃ ዞባ ክሰራሓ ዝተመደባ ከዘንቲ ማይ ምዃና ብምሕባር፡ ንዕዙዝ ተራ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል መጉሱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ዝተዋደደ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዝርጋሕ ዕድል ትምህርቲ፡ ኣብ ምብራኽ ቁጽሪ ተመሃሮ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ተገሊጹ።

ኣብ 1995 ብውሑድ ቁጽሪ ናይ መባእታ ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ 'ማዕድን'፡ ደረጃኣ ብብምዕባሉ እናዓበየ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ምብጽሑ ዝጠቐሰ ሓላፊ ስሩምምህርና መምህር ሙሉጌታ ኣብርሃም፡ ን22 ዓድታት ኣገልግሎት ትህብ ከምዘላ፣ እዚ ድማ ንመጠን ምቍራጽ ከምዘጉደሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይተዓብር፡ ቁጽሪ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ ተመሃሮ ልዕሊ 1,800 ከምዝበጽሐ ብምምልካት፡ ጸበት መምሃሪ ክፍልታት ንምቅላል ብህዝቢ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶ ደገፍ ክግበረሉ ተላቢዩ።



# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጐስ

# ናጽነት ካልእ ተወሳኺ ቃል ጥራይ ምኻኑ'ዩ

ቀዳማይ ክፋል

ብ David Harvey ካብ ዝተጻሕፈት A Brief History of Neoliberalism ዝተተርጎመ

ዝኾነ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዓብላሊ ክኸውን እንተኾይኑ እቲ ዝምርሓሉ ኣምራዊ ስርዓት ንተፈጥሮኣዊ ግንዛበናን ድርኺትናን፡ ንኽብርታትናን ባህግታትናን ከምኡ'ውን ኣብዛ ማሕበራዊት ዓለምና ንዘሎ ተኽእሎታት ብዝምስጥ መዳይ ዘዕርግ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኣምራዊ መሳርሒ ዕዉት ምስ ዝኸውን ድማ ኣብ ተራ ምስትውዓልና ስለዝሕቖፍ ቅቡልን ኣብ ምልክት ሕቶ ዘይኣቱን ይኸውን። መሰረትቲ ፍልስፍና ሓድሽ-ሊበራላውነት'ውን ንሰብኣዊ ክብረትን ውልቃዊ ናጽነትን እዮም ከም መሰረት ናይ ፖለቲካዊ ሚሳላውነት ወሲዶመን - ከም 'ቀንዲ ክብርታት ስልጣነ'። ሰብኣዊ ክብረትን ውልቃዊ ናጽነትን ብርግጽ ቀሰብትን ማረኽትን ስለዝኾና እዚ ምርጫ ብብልሂ ዝተገብረ'ዩ። ብኣገላልጻኦም፡ እዘን ክብርታት ብፋሽሽትነት፡ ብውልቀ-መለኽትን ዴስነትን ጥራይ ኣይኮነን ተጻብኦ ገጢምወን። እንታይ ደኣ? እንተላይ በቲ ንኽመርጹ ናጻ ንዝኾኑ ውልቀሰባት ብእኩብ ውሳነ ዝትክእ ኩሉ ዓይነት መንግስታዊ ምትእትታው'ውን ተጻብኦ ገጢምወን'ዩ።

'ክብሪ' ከምኡ'ውን 'ውልቃዊ ናጽነት' ዝብላ ኣምራት ንባዕለን ሓያላትን ኣወናወንትን እየን። ቅድሚ ምብቃዕ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳን ሕብረት ሶቭየትን ከምኡ'ውን ኣብ ታይነመን ስኴር ንዝነበረ ናይ ተቓወምቲ ምንቅስቓሳት ድርኺት ዝሃበ ድማ ከምዚ ዝበለ ሚሳላውነት'ዩ። እቲ፡ ኣብ 1968 ኣብ መላእ ዓለም - ካብ ፓሪስን ቺካጎን ክሳብ ባንኮክን ከተማ ሜክሲኮን - ዝተዘርግሐ ናይ ተማሃሮ ምንቅስቓስ ዝዓበየ ናይ ምዝራብ ናጽነትን ውልቀ-ምርጫን ንምንዳይ ከም ዝተገብረ ዘምስል መዳይ ዝህልዎ'ዩ ተገይሩ። ብሓፈሻኡ፡ እዘን ሚሳላውያን ሓሳባት ንዕኡ ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ክውሰን ምኽኣል ከም ዝዓበየ ክብሪ ንዘርኢ ዝኾነ ሰብ ማረኽቲ እየን።


እቲ ኣብ ባህሊ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ነዊሕ ከም ዝተሓቘፈ ዝግለጽ ናጽነት ዝብል ኣምር ኣብዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት ኣብታ ሃገር ጉሉሕ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ፍጻመ 'መስከረም 11' ብብዙሓት ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣምር ከም ዝተገብረ መጥቃዕቲ ብኡንብኡ ተቐጺሩ። ኣብ ቦኽሪ ዝኽሪ ናይቲ ዕለት ፕረሲደንት ቡሽ 'ናጽነት ዝዓበየ ሰላማዊት ዓለም፡ ንናይ ነዊሕ-መጻኢ ረብሓ ኣመሪካ ተገልግል፡ ንነባሪ ምንዮት ኣመሪካ ተንጸባርቕን ንመሓዙት ኣመሪካ ተሕብርን' እያ ክብል ጽሒፉ። ነቲ ጽሑፍ ድማ 'ፍዋረት-ሰብ ንዘመናት ጸላእቲ ናጽነት ኣብ ልዕሊ ዝኾኑ ኩሎም ዓወት ዝጉናጸፈላ ዕድል ኣብ ኢዱ ሒዙ ኣሎ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከኣ ነዚ ዓቢ ተልእኾ ንምምራሕ ዘለዋ ሓላፍነት ክትስከም ብሰናይ ድሌት ትቕበሎ' ብዝብል ደምደሞ። እዚ ዘረባ፡ ሕመረት ናይቲ ብኡንብኡ ዝወጸን ዝሰዓበን እስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ኮነ። ድሒሩ ከኣ 'ናጽነት፡ ኣብዛ ምድሪ ንዘሎ ነፍሲወከፍ ሰብ ካብ ኣምላኽ ዝተለገሰ ህያብ'ዩ። ኣመሪካ ድማ ከም ዝዓበየት ሓይሊ ናይዛ ዓለም፡ ናጽነት ኣብ ምስፍሕፋሕ ክትሕግዝ ግዴታ ኣለዋ' ዝብል ኣሰዓበ።

ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ንዝተገብረ ኩናት ዝተዋህበ ምኽኒት ኩሉ ሓቂ ዘይምኻኑ ምስተረጋገጸ፡ ፕረሲደንት ቡሽ እቲ ንዒራቕ ዝተመጠወ ናጽነት፡ ንምክያድ እቲ ኩናትን ውድኢቱን ብቑዕ ምኽንያት'ዩ ዝብል ምጉት ኣቕረበ። ዒራቓውያን ናጻ ኮይኖም እዮም፡ ብቐንዱ ዘገድስ ከኣ ንሱ'ዩ ተባህለ። እንተኾነ እቲ ኣቕሪቡ ዝተደለየ 'ናጽነት' ከመይ ዝበለ'ዩ? ምኽንያቱ ሃያሲ ባህሊ ዝኾነ ማቲው ኣርኖድ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ከም ዘመልከቶ 'ናጽነት፡ ከተጋልቦ ዘመኒ ኣዝዩ ጽቡቕ ፈረስ'ዩ፡ የግዳስ ናበይ ኣንፈ ተጋልቦ'ዩ' ዝበሎ'ዩ። ስለዚ፡ ዒራቓውያን ነቲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝተወፈየሎም ፈረስ-ናጽነት ናብ ኣየናይ መዓርፎ ከጋልብዎ'ዩ ትጽቢት ዝተገብረሎም?

ምምሕዳር ቡሽ፡ ኣብ ሓሙ 19 መስከረም 2003 እዩ መሊስዎ። ኣብታ ዕለት፡ ናይቲ ቁጸሙ ዝነበረ ግዝያዊ ልፍንታዊ ብዓልስልጣን መራሒ፡ ፖል ብረመር፡ 'ምሉእ ምስግጋር መንግስታውያን ዋኒናት ናብ ብሕታዊ ዋኒን ክግበር፡ ናይ ወጻኢ ትካላት ኣብ ዋኒናት ዒራቕ ምሉእ መሰል ዋንነት ክህልወን፡ ናይ ወጻኢ ዋኒናት ዘረኽብኦ መኽሰብ ብምሉኡ ካብ ዒራቕ ናይ ምውጽኡ መሰል ከም ዘለወን . . . ባንክታት ዒራቕ ንናይ ወጻኢ ቁጽጽር ክፉታት ክኾና፡ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት ከም ሃገራውያን ክተሓዛ ከምኡ'ውን . . . ንንግዲ ይዕንቅጽ'ዩ ዝበሃል ኩሉ ዓይነት ሕግታት፡ መምርሒታት፡ ፖሊሲታት ወዘተ. ክእለ ዝብል ዘርክበን ኣርባዕተ ትእዛዛት ዝተሰምየ ኣዋጅ ኣውጽአ። እተን ትእዛዛት ኣብ ኩሉ ዓውድታት ናይቲ ቍጠባ እንተላይ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎታት፡ መራኸቢ ብዙሃን፡ መስንዑ፡ ኣገልግሎታት፡ መጉዓዝያ፡ ፋይናንስን ህንጻን ተግባራውያን ዝኾና እየን። በቲ ኣዋጅ ዘይተጸልወት እንኮ ቁጠባዊ ጽላት ነዳዲ ነበረት። እቲ ምኽንያት ድማ ወጻኢታት ናይቲ ኩናት ንምኽፋል ከም ምንጪ ኣታዊ ከተገልግልን ኣብ ጂኦፖለቲካ ብዘለዎ ኣገዳስነትን ብፍሉይ ስለዝተራእየት ካብ ምዃን ኣይሓልፍን። ብተወሳኺ፡ ናይ ሸቕለት ዕዳጋ ጽኑዕ ቁጽጽር ከም ዝህልዎ ተገብረ። ወሰንቲ ኣብ ዝተባህላ ጽላታት ሰራሕተኛታት ኣድማ ከይገብሩ ብግብሪ ተኸልከሉን ብማሕበር ናይ ምውዳብ መሰሎም ከም ዝድረት ተገብረን። ስርዓት-ግብሪ ዒራቕ ምስ ዕብየት እቶት ኣዝዩ ዘንኪ 'ሌጣ ግብሪ' ክኸውን ተሰገደ። እዚ ስርዓት-ግብሪ ኣብ ኣመሪካ ክትግበር ብዓቃባውያን ዝተሓለነን ንነዊሕ እዋን ዝተጎስጎሰሉን ውጥን ምምሕያሽ ስርዓት-ግብሪ ነበረ።

እተን ትእዛዛት፡ ንውዕል ጀነቫን ሄግን ዝጥሕስ ምኻኑ ገለ ሞጎትቲ ይገልጹ። ምኽንያቱ ብወራር ዝነበጠት ሃገር፡ ጸጋን ሃብትን ናይታ ዝተገብጠት ሃገር ክትዕቅብን ከይትሸየጥን ግዴታ ስለዘለዋ። ገለ ዒራቓውያን ድማ ነቲ ብስነ-ቑጠበኛታት ለንደን 'ሕልሚ ርእሰማልነት' ኣብ ዒራቕ ዝተባህለ ዝተሰገደደ ስርዓት ተቓወምዎ። ሓደ ኣባል ናይቲ ብኣመሪካ ዝተመዘዘ ግዝያዊ ልፍንታዊ ብዓል-መዚ ድማ 'ንታሪኽ ዝጎሲ ዘይቅርዑይ ምጉት' ብምባል ነቲ ዝተሰገደደ 'ሕሉፍ ናጻ ዕዳጋ' ነቐፎ። ሕግታት ብረመር በቲ ዝነበጠ ሓይሊ ምስ ዝስገደድ ሕጋዊ ኣይቆጸርን፡ 'ልኡላዊ' ብዝዝሃል መንግስቲ ምስ ዝጸድቕ ግን ሕጋዊ'ዩ። እቲ ብኣመሪካ ዝተመዘዘ ኣብ መወዳእታ ሰነ 2004 ዕዮኡ ዝጀመረ ግዝያዊ መንግስቲ ድማ ከም 'ልኡላዊ' መንግስቲ ተኣወጀ። ዝተዋህቦ ስልጣን ግን ነቲ ዝነበረ ሕግታት ምጽዳቕ ጥራይ ነበረ። ብረመር፡ ስልጣን ቅድሚ ምርካቡ ንኣካይዳ ናጻ-ዕዳጋን ናጻ-ንግድን ክሳዕ ዘደቀቐ ዝርዝር ንምንጻሩ (ንሕግታት መሰል-ድርሰትን መሰል-መሃዝነትን ንዝኣመስሉ ዝርዝራት ዘጠቓልል) ሕግታት ብምውጻእ ነቲ ቀጽሪ ኣባዝሖ። እቲ ትጽቢት ድማ እቲ ትካላዊ ኣወዳድባ 'ህይወት ክህልዎን ንድሕሪት ዘይምለስ ናይ ዝእኑ-ርእሶም ድፍኢት ክህልዎም' ንምርግጋጽን ነበረ።

ብኽልስ-ሓሳብ ሓድሽ ሊበራላውነት፡ ከም ናይ ብረመር ዝኣመሰሉ ስጉምትታት ሃብቲ ንምፍጣርን ብእኡ ኣቢልካ ድማ ናብራ ናይቲ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽን ኣድለይትን እኹላትን እዮም። ውልቃዊ ናጽነት ናይ ሰብ፡ ንዕዳጋን ንግድን ብዝወሃብ ናጽነት ይውሓስ'ዩ ዝብል ግምት ቀንዲ መለለዩ ሓድሽ-ሊበራላዊ ኣተሓሳስባ ኮይኑ ንመርገጺ ኣመሪካ ኣብ ዝተረፈ ክፋል ዓለም ንነዊሕ እዋን ዝዓብለለ'ዩ። ኣመሪካ ኣብ ዒራቕ ብንጹርን ብሓይልን ከተሰገድዶ ዝደለየት መንግስታዊ ስርዓት መሰረታዊ ተልእኾኡ ንናይ ውሽዋን ወጻእን ርእሰማል ኣኽሳቢ ካፒታል ንምኽዕባት ዝምችእ ሃዋሁ ምስላዋ ጥራይ ነበረ። ሓድሽ-ሊበራላዊ መንግስቲ ዝበሃል ከኣ ከምዚ ዝበለ ስርዓት-መንግስቲ'ዩ። ከምዚ ዝበለ ስርዓት ዝሓቘፎ ናጽነት ድማ ንረብሓ ብሕታዊ ዋንነት፡ ዋኒን፡ ዓለምለኻውያን ኮርፖረሽናትን ፋይናንሳዊ ርእሰማልን ዘንጸባርቕ'ዩ። ብሓጺር ኣበሃህላ ብረመር ንዒራቓውያን ነቲ ናይ ናጽነት ፈረሶም ብቐጥታ ናብ ታኼላ ሓድሽ ሊበራላውነት ገጾም ክጋልብዎ እዩ ዓዲምዎም።




# ካብ መዓቀኒ ቁጠባዊ ፍርያት

### ድሩትነት ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያትን ጃምላ ሃገራዊ እቶትን

ቀንዲ ድሩትነት ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያትን ጃምላ ሃገራዊ እቶትን፡ ንፍርያት ብናይ ዕዳጋ ዋጋታት ዝዕቅኑ ምዃኖም'ዩ። የግዳስ ሓያለይ ቁጠባዊ ንጥፈታት ካብ ክሊ ዕዳጋ ወጻኢ'ውን ስለዝካየዱ ዓቕኑ ብገለ መገዲ ክሽንነን ኣብ ቀመራ ክሕቆፍን የድሊ። ንኣብነት፡ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ክፋል መብዛሕትኦም ሓረስቶት ንድራር ዕለት ኣብ ዝኸውን ማሕረስ ዝተጸምዱ እዮም። ዝበዝሐ ካብቲ ዘፍረይዎ ከኣ ባዕሎም የህልኽዎ። ስለዚ፡ ዓቕን ናይቲ ብእኦም ዝፈረየን ዝህለኽን ማለት ንዕዳጋ ዘይወረደ ተገሚቱ ዋጋ ተዋሂብዎ ኣብ ቀመራ ይኣቱ። ወይ ሰባት ኣብ ዘውንንዎ ገዛ ምስ ዝነብሩ፡ ዋጋ ናይቲ ናይ 'መንበሪ ኣገልግሎት' ተኻሪይቲ ነይሮም እንተዝኾኑ ክኸፍልዎ ብዝነበሮም መጠን ይሽነን። እንተኾነ ኣብ ዕዳጋ ናይ ዘይወዓለ ፍርያት ንምሽናና ዓቕንን ዋጋን ሂብካ ዝግበር ቀመራ ግምታዊ ዕዮ ስለዘለዎ እቲ ኣሃዛት ልክዕ ኣይኮውንን። ብዕዳጋ ዝግበር ምሽይይጥ ፍርያት ግን እዚ ዝተጠቕሰ ዘይልክዕነት ኣይርከቦን።

ዝገደደ ግና ንዕዳጋ ዘይወርዱ፡ መጠኖም 'ውን ዋጋ ብምሃብ ዘይሽነኑ ገለ ቁጠባዊ ንጥፈታት ምህላዎም'ዩ። ጸብሒ ምስራሕ፡ ምጽራይ፡ ቈልዑን ሽማግለታትን ምእላይ ወዘተ. ዝኣመሰለ ዘቤታዊ ዕዮ ብመሰረቱ ከም ኣካል ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ወይ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ኣይቁጸርን። ሰራሕተኛ ገዛኻ ምስ ትምርዖ፡ መጠን ሃገራዊ ፍርያት ነኪኻ ማለት'ዩ ዝብል ኣብ መንጎ ስነ-ቍጠበኛታት ዝዝረብ ፍሉጥ ዳእላ ከኣ ካብዚ ዝነቅል'ዩ። ነዚ ዝወሃብ ፍሉጥ ምስምስ ንዘቤታዊ ዕዮ ዋጋ ሂብካ ክትሽንኖ ኣጸጋሚ'ዩ ዝብል'ዩ። እዚ ግና ድኹም ምስምምስ'ዩ። እሞ ኸኣ ዕዳጋ ወረዱ ዘይሸየጥ ኩሉ ዓይነት ቁጠባዊ ንጥፈታት እንተላይ ኣብ ትውንኖ ገዛ ምንባር'ውን ዋጋ ተዋሂብዎ ይሽነን እናሃለወ። ዝተፈላለዩ ግምታት ከም ዘመልክትዎ መጠን ዘቤታዊ ዕዮ ማዕረ 30 ሚእታዊት ናይ ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት ምኻኑ'ዩ። ዝበዝሐ ዘቤታዊ ዕዮ ብደቂኣንስትዮ ዝዕየ ከም ምዃኑ መጠን ድማ እዚ ልምዲ ንዕዮ ደቂኣንስትዮ ምሒር ኣትሒቱ ዝግምት ይገብሮ።

***

# ሓሳባት

<u>ሰረቕ ክፍለ</u>
<u>መበል 49 ክፋል</u>

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ማሕበራዊ ምሕደራን ሓድሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሰን ዝበል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ዋንቲ ኣትሓዙ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሀበ ምሕደራ ዓደ ኣብ ከምዝበራ ጠቕሽና ድማ፣ ከም ኣብኡት ካብ ዝተፈላለዩ ሕግታት እንዳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ብድሕሪኡ ዕምማት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ብማሰረት ዓለምለኻዊ ትካል OECD ብኸመይ ይግለጽ ኣዝቢብና፣ ናይ ቀረባ ግዜ ጸብጻባቱ እውን ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይሰዕብ፦*

## ካብ ጸብጻባት OECD እንታይ ንፈዘብ?

ኣብ መበል 48 ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ ንጸብጻብ OECD (ኣሰታት 100 ሃገራት ብኣባልነት ዝሓቖፈ ኣህጉራዊ ትካል ንቁጠባዊ ምትሕብባርን ልምዓትን) ብሰፊሑ ተመልኪትና። ጸብጻብ ናይዚ ትካል፡ ኣብ ምህናጽ ፍትሓዊ ሕብረተሰብን ምህናጽ ሓያል ቁጠባን ዝቖንዐ ኮይኑ፣ ዝ. ንምርግጋጽ ደቀንስትዮ፡ መንእሰያትን ታሕተዎት ቀጻላ ሕብረተሰብን (ሰራሕተኛታት) ብሓፈሻ ኣብ መንግስቲን ቁጠባን ብፍላይ ከኣ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒታት መንግስታዊ ኣካላትን ቁጠባን ተሳትፎ ክህልዎም ከም ዘጸወዐ ተመልኪትና። ግን ስለምንታይ? ስለምንታይ ደቀንስትዮ ኣሰታት 50% ክፋል ሕብረተሰብ ማሰለን ኸና ዘይተረጋገጸ? ስለምንታይ መንእሰያት ልዕሊ 60% ክፋል ሕብረተሰብ ብዕቑር ዓቕሞም ኣብ ቁጠባን ፖለቲካን ናይ ምስታፍ ዕድል ዘይረኸቡ? ስለምንታይ ሰራሕተኛታት ልዕሊ 80% ክፋል ሕብረተሰብ ፍትሓዊ ሕጊ ዕዮ ዘይረኸቡ?

ኣብዞን ምዕቡላት ሃገራት OECD ደሞክራሲ ወይ ግዝኣት-ሕጊ ስለ ዘየለ? ሰብኣዊ ማሰላት ስለ ዘይክበር? ወይ'ውን ምርጫ ስለ ዘየለ? ኣይፋሉን።

ኣብ ኩለን ሃገራት OECD ዘለዉ መንግስታት ብምርጫ ዝመጹን ብምርጫ ዝወርዱን እዮም። ግዝኣት-ሕጊ ስለ ዘየለ እውን ኣይኮነን። ግዝኣት-ሕጊ ኣሎ። እቲ ጉዳይ ብዝዕባ ፖለቲካዊ ምርጫ ሰልፈታትን መንግስቲን ኣይኮነን።

ኣምር ደሞክራሲ፡ ናብ ስልጣን ዝመጽእ ስርዓት ብምርጫ ይመጽእ፡ ብምርጫ ድማ ይጅለ እዩ ዝብል። ብምርጫ ዝመጸ ስርዓት ግን ማሕበራዊ ፍትሒ ከረጋግጽ ኣለዎ ኣይብልን እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት OECD ኣብ ስልጣን ዝመጹ መራሕትን ሰልፈታትን ኣብ ግዜ ምርጫ ብቁጠባዊ ደገፍ ሃብታማት (ደቂተባዕትዮ) እዮም ዝስዕሩ። ረብሓ ናይቶም ኣብ ስልጣን ዘምጽእዎም ምሕላው ድማ፡ ውሕስኦቶም ንመጻኢ ምርጫ እዩ። ሓያለ ሃገራት OECD ንልዕሊ 100 ዓመት ደሞክራሲያዊ ምርጫ ዘዩዳኑ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ዘለወን ሃገራት እየን። ንልዕሊ 100 ዓመት ብዝዕባ ማዕርነት ደቀንስትዮን ምዕሩይ ዝርጋሐ ኣታዊታትን ማለን ዓንገረር ኣለኑ ንኻልኡት እውን ሰቢኸን። ኾኑ ግን ኣብ ሃገረን ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ቅቡል ደረጃ ኣየብጽሓኦን።

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




ማዕርነት ደቀንስትዮን ማሕበራዊ ፍትሕን ጉዳይ ሰብኣዊ ማሰላት እዩ። ብመንጸር ተመኩሮ ሃገራት OECD ግን ሰብኣዊ ማሰላት ብደሞክራሲያዊ ምርጫ ዝረጋገጽ ኣይመስልን። እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ፡ ማዕርነት ደቀንስትዮን መሰረታዊ ሰብኣዊ ማሰላትን ንኣብኡት ቀረብ ማይ፡ መግቢ፡ መጽለሊ፡ ሓለዋ ጥዕና፡ ጸጥታን ሰላምን ትምህርቲ፡ ጸዓት ወዘተ. ፖለቲካዊ ምርጫ ሰልፈታትን መራሕትን ዘይትካስ ከም ክትንከ ዘይክእል "ክብሪ" ምሓዙ እዩ። ሃገራት ከኣ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ዝበልኦ ማሰላት ዜጋታት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ምርጫን ዋጋ ዕዳጋን ዘይኣቱ "ክብሪ" ክዝበርኦ ማሰልን ኣኻእሎን ኣለወን። ብኸመይ ጹሕፍና ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንርኢ ኢና።

### መንግስታዊ ፋይናንስን ቁጠባን

መንግስታት ልዑል ወጻኢ ዘለዎ ብዙሕ ንጥፈታት እየን ዘካይዳ። መንግስታት ወጻኢታተን ንምሽፋን ክልተ ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ኣለወን። ቀዳማይን ቀንድን ግብርን ቀረጽን ኮይኑ ካልኣይ ድማ ካብ ወሽጥን ደገን ልቓሕን ደገፍን እዩ። ኣብ መንጎ ጠቕላላ ኣታዊን ጠቕላላ ወጻኢን መንግስቲ ዘሎ ፍልልይ ፈናንሳዊ ሚዛን (Fiscal Balance) ይበሃል። ኣብ ሓደ ወህሊብ ዓመት ናይ መንግስቲ ኣታዊ ካብቲ ወጻኢ ክበዝሕ እንከሎ "ዚያዳ" (Surplus) ይበሃል። ወጻኢ መንግስቲ ልዕሊ ኣታዊ ክኸውን እንከሎ ከኣ "ሕጽረት" (Deficit) ይበሃል። መንግስቲ ዓመት ኣተው ዓመት ወጻ "ሕጽረት" ዘርኢ እንተኾይኑ ዕዳ ሃገር እናዓበየ ብኡ መጠን መንግስቲ (ሃገር) ዝኸፍሎ መጠን ወለድ ይዓቢ።

ኣሰዪቲብና፡ ሃገራት OECD ብመንጸር ፋይናንሲያዊ ሚዛንን ቁጠባን ከመይ ይመስላ ንርአ፦

**ሓፈሻዊ መንግስታዊ ፋይናንሲያዊ ሚዛን (General government fiscal balance)፤** ኣብ 2013 ኖርወይ 11.3%፡ ኮርያ 1.3% ከም'ኡ'ውን ኣርባዕተ ሃገራት OECD "ዚያዳ" ከመዝገባ ከለዋ፣ ስሎቨንያ 14.6%፡ ግሪኽ 12.3%፡ ጃፓን 8.5% "ሕጽረት" ኣመዝጊበን። ብማእከላይ ገምጋም ሃገራት OECD 4.2% "ሕጽረት" ኣመዝጊበን ማለት እዩ። ኣብ 2009 ኣህጉራዊ ፋይናንሲያዊ ቅልውላው ኣብ ዝበረሉ እዋናት ድማ ብማእከላይ ገምጋም ሃገራት OECD 8.4 % "ሕጽረት" ኣመዝጊበን ነይረን።

**ሓፈሻዊ መንግስታዊ ጽሩይ ወህለላ (General government net saving)፤** ኣብ መንጎ እዋናዊ ኣታዊን እዋናዊ ወጻኢን መንግስቲ ዘሎ ፍልልይ ሓፈሻዊ መንግስታዊ ጽሩይ ወህለላ ይበሃል። ጽሩይ ወህለላ፡ እዋናዊ መንግስታዊ ወፍሪ ይኹን ገዝኦባዊ ምስዋጋር (ንኣብኡት ዝኸሰራ ትካላት ንምድሓን ዝግበር ክፍሊት) ኣብ ግምት ኣየእቱን እዩ። ብሓጺሩ ኣታዊን ወጻኢን መንግስቲ ኣብ ሓደ ወህሊብ ዓመት ዘርኢ እዩ። ቀጻሊ ዓመታዊ ኣሉታዊ ጽሩይ ኣታዊ ዘለዎ ዘይርከብ ግጉይ ምወላ መንግስቲ ዝሕብር እዩ። ኣብ 2013 ኣብ ሃገራት OECD ጽሩይ ወህለላ -3.3% ዓመታዊ ነይሩ። ዝለዓለ ኣዎንታዊ ጽሩይ ወህለላ ዝነበራ ኖርወይ (12.6%)፤ ዝተሓተ ኣሉታዊ ጽሩይ ወህለላ ዝነበራ ከኣ ጃፓን -7.2%። እዚ ናይ 2013 ኣሉታዊ ጽሩይ ወህለላ ሃገራት OECD ምስ ናይ 2009 (-6.3%) ክረአ እንከሎ ዓቢ ምምሕያሽ እዩ ነይሩ።

**ሓፈሻዊ መንግስታዊ ጠቕላላ ዕዳ (General government gross debt)፤** መንግስታት ወጻኢ ንምሽፋን ዝለቅሕኦ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይእከብ እዩ። ናይ 2008-2009 ኣህጉራዊ ፋይናንሲያዊ ቅልውላው ንምግጣም መንግስታት OECD ብቐንዱ ንብሕታዊ ፋይናንሲያዊ ትካላት በልዮናት ዶላራት ድጎማ ብምሃበን ብዙሕ ዕዳ ተሰኪመን። ከም'ኡ'ውን ብሰንኪ እቲ ቅልውላው ቁጠብ ተናኺሙ ኣታዊአን ብምንካዩ ኣብ መንግስታዊ ፋይናንስ ጸቕጢ ፈጢሩ። ኣብ 2013 ማእከላይ ገምጋም ዕዳ ሃገራት OECD 109.3% ናይ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊ ኮይኑ። ኣብ መንጎ 2007 – 2013 ብዘይካ ኣብ እስራኤል፡ ሸወደን፡ ስዊዘርላንድን ኖርወይን ኣብ ሃገራት OECD ማእከላይ መጠን ዕዳ ዓመታዊ 34.7 ሚእታዊት ወሲኹ። እተን ዝለዓለ ዕዳ ዝተሰከማ ከኣ እተን ብኤውሮጳዊ ሕብረት ፋይናንሲያዊ ደገፍ ዝተገበረለን ሃገራት፡ ኣየርላንድ፡ ግሪኽ፡ ፖርቱጋል ነይረን።

ኣብ መንጎ 2007 – 2013 ዓመታዊ ዕበየት ማእከላይ ገምጋም ዕዳ ብመጠን ብዘሎ. ህዝቢ ሃገራት OECD 6.7% ነይሩ። ኣብ 2013 ከኣ ብመጠን ናይ ምግዛእ ዓቕሚ 42,863 ዶላር ኣመሪካ በጺሑ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ መንግስታት ሃገራት OECD ነተን ብሰሰዐን ዕንደራን ዝኸሰራ ብሕታዊ ባንክታትን ፋይናንሲያዊ ትካላትን ንምድሓን ዝገበርኦ ድጎማ ተኣኪቡ ኣብ 2013 ንዝፍሰወከፉ ዜጋ 42,863 ዶላር ዕዳ ኮይኑ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ክንብል እንከለና መላእ ዜጋ እንተላይ ሕጻናትን ኣረጋውያንን ሓዊሽካ እዩ።

ኣብ 2013 ሓፈሻዊ ገምጋም ኣሉታዊ ጽሩይ ወህለላ ሃገራት OECD 65.3% ነይሩ። ዝለዓለ ኣዎንታዊ ወህለላ ዘርኣየት ሃገር ኖርወይ ልዕሊ 200% ነይሩ። ብመንጸር ብዘሎ. ህዝቢ ክረኤ እንከሎ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣሰታት 50,000 ዶላር ኣመሪካ ኣሉታዊ ወህለላ (ዕዳ) ክህልዎ እንከሎ፡ ነፍሲ ወከፍ ኖርወጃዊ ከኣ ኣሰታት 135,000 ዶላር ኣመሪካ ኣዎንታዊ ወህለላ ኣለዎ።

**ፋይናንሲያዊ ሚዛንን ዕዳን ብጽፍሒታት መንግስቲ (Fiscal balance and debt by level of government)፤** ኣብ ብዙሓት ሃገራት OECD ካብ ማእከላይ መንግስቲ ክሳብ ምምሕዳር ከተማ፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ክወፍራ ወይ ካብ ወሽጥን ወጻእን ክልቅሓ ማሰል ኣለወን። ናይ መንግስቲ ሓፈሻዊ ዕዳ (ድምር ናይ ኩሉ ጽፍሒታት መንግስቲ ዕዳ) ብመጠን ዕዳ ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ክጽሎ ይኽእል እዩ።

ብመሰረት ፖለቲካዊን ምምሕዳራዊን መዋቕር ሃገር (ቅዋም) ማሰል ልቓሕን ካልእን ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ይፈላለ እዩ። ብሓፈሻኡ ፈደራላዊ ስርዓት ኣብ ዝኽተላ ሃገራት ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ካብ ወሽጥን ወጻእን ክልቅሓ ዚያዳ ማሰል ኣለወን። ብሕጊ ድማ ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ብበይናዊ ወሳኒ ዝልቅሕኦ ከም ዕዳ እቲ ከባቢ (ዞባ ወይ ክልል) እዩ ዝቑጸር። ይኹን'ምበር ብተግባር ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ዝልቅሕኦ ወሰኑ እዩ። ብሃገራዊ ፋይናንሲያዊ ሕጊ ስለ ዝምራሕ።

ኣሰዪቲብና ፋይናንሲያዊ ሚዛን ማእከላይ መንግስትን ታሕተዎት ጽፍሒታትን ክንድህሰስ ኢና።

ኣብ 2013 ማእከላይ ገምጋም ጠቕላላ ዕዳ ሃገራት OECD 4.2% ናይ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊ ኮይኑ፣ ናይ ማእከላይ መንግስቲ ዕዳ 3.5% ነይሩ። እዚ ማለት 0.7% ብታሕተዎት ጽፍሒታት ዝተወሰደ ዕዳ ማለት እዩ። ግሪኽን ስሎቨንያን ብ15% ዝለዓለ ዕዳ ዝነበረን ኮይነን፣ ኖርወይ ከኣ 12% ኣዎንታዊ ሚዛን ነይሩዋ።

ኣብ 2013 ማእከላይ ገምጋም ዕዳ ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ሃገራት OECD 20.7% ካብ ሓፈሻዊ ኣታዊ ነይሩ። ዝለዓለ ዕዳ ታሕተዎት ጽፍሒታት መንግስቲ ዘለዋ ሃገር ከኣ ካናዳ ኮይና 55.9% ነይሩ። ኣብ ፈደራላዊ ስርዓት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ 2007 እጃም ዕዳ ዞባታት (ስተይታት) ኣሰታት 35% ኣብ 2013 ድማ ኣሰታት 22%፡ ናይ ከተማታት ድማ 0% ነይሩ። ኣብ ፈደራላዊት ጀርመን ኣብ 2013 ናይ ማእከላይ መንግስቲ ዕዳ እጃም ኣሰታት 62%፡ ናይ ዞባታት (ስተይታት) ኣሰታት 30%፡ ናይ ከተማታት ኣሰታት 8%። ብኣንጻሩ ኣብ ኣሃዱኣዊ ስርዓት ኖርወይ ኣብ 2007 እጃም ዕዳ ማእከላይ መንግስቲ 80% ኮይኑ ናይ ከተማታት ድማ ኣሰታት 20% ነይሩ። ኣብ 2013 ድማ እጃም ዕዳ ማእከላይ መንግስቲ 60% ኮይኑ ናይ ከተማታት ድማ ኣሰታት 40% ነይሩ።

**ይቕጽል . . .**




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ ኣሚነ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ፍረ-ጻዕሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ተኩኢንሳይት |
| 14:15 | መደብ መዚቃ በዓል ፋሲካ |
| 16:15 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዕላል ምስ ባሕረኛ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:10 | ፈዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ሴላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰተኮም |

# ሕባብ

ሃማመተኤ

## ማዕበል ንእስነት

# ዕድመ ኣብ ፍቕሪ ቊጽሪ ድዩ?

ኣዱሊስ ተስፋይ

ስግር ቀጽሪ ቤት ትምህርቲና ሚእቲ ሜተር ርሒቓ ሓንቲ ማኪና ደው በለት። ሞተር ኣየጥፍኣትን። "ንኺድ በላ ክወስደና'ዩ መጺኡ፡" በለት ሚካል ናብታ ማኪና እናኣምርሐት። ክንስዕባን ምስኣ ክንድይብን ኣይተጸበየትን። መልስና እንታይ ምዃኑ እናፈለጠት እያ ነጊራትና። መልሲ ዝፈልጥ ሰብ ክሓትት ይግብኦ ዶ ኣይግብኦን ኣይርድኣንን እዩ። ሚካል ግን ከምኡ ዓይነት ባህሪ እያ ኣማዕቢላ።

ሓሙኽሽተይቲ ራቫፎር ዝሓዘ ሰብኣይ ካብ ማኪና ወሪዱ፡ ስፖርቴሎ ከፊቱ ሰቐላ። በቲ ቲንታ ዝጸገበ ጸጕሪ ርእሱን ምስ ሰብነቱ ዝጠበቐ ጸቢብ ስረኡን ንዕድመኡ ክሓብኦ ኣይክእልን እዩ። እንተ ሓመቐ ንሚካል ኣቦኣ ዝኸውን ሰብኣይ እዩ። ምስኡ ምሕዝነት ምጅማራ ኣይደገፍንያን። ብሕልፊ ሄለን ብዕድመ ጠቀስ ጉዳይ ብዙሕ ተዛሪባታ።

"ሎሚ ምሕዝነት ጽባሕ ዕርክነት እዩ ዝቕየር። ፍቕሪ ምልምማድ እዩ። ነቲ ዕድመ ሓሲብክሉ ዶ ኣለኺ?" ሓተተታ ሄለን።

"ንኣይ ዕድመ ቊጽሪ እዩ፡" መለሰትላ።

"ቊጽሪ'ውን ትርጉም ኣሎዎ። ጋግ ማለት ሃጓፍ ማለት እዩ። ጋግ ዝበሃል ይርድኣኪ ድዩ?" ከምቲ ኣብ መደረ ተዘውትሮ ሓተተታ።

"ዕድመ ኣብ ዘመናውነት ቊጽሪ እዩ። ንዝምድና ኣይጸልዎን እዩ። ካብ ዓቢ ብዙሕ ኢኻ ትመሃር፡" መለሰትላ።

"መምህር ሃኒ! ጽቡቕ ይምህሩ!" ሄለን'ውን ብኣሽሙር ኣላገጸትላ። 'ኮሉ፡ ኣብ ግዜኡ እዩ ጽቡቕ' ዝብል እምነት ነበራ። ሃኒ እናበለት ከተቀባጥረሉ ምፍታና ካብኡ ኣይትሕለፍ ጥራይ ኣይነበረን። በቲ ዘቕርባኦ ዝነበራ ክትዕ ክሳነያን ክረዳድኣን ኣይክኣላን። ናህሪ ናይቲ ክትዕ ናበይ ክወስደን ከም ዝኽእል ክግምት ኣይከኣልኩን።



"ሚኩ ንምርጫኺ ነኽብሮ ኢና። ግን እናረኣና ስቕ ኣይንብልን!" በለት ፌሩዝ 'ኣብ ህይወት ሚካል ኣይምልከተንን እዩ ከም ዘይትብል' እናኣፍለጠታ።

"ሓልዮት ድዩ ቅንኢ!" ካብ ትጽቢትና ወጻኢ መልሰት ሚካል። ዘርባኣ ኣሰንበደኒ። ርእይቶ ካብ ምሃብ ተቘጠበ ነይረ። ሄለን ግን ንመልሲ ሚካል ብስቕታ ክትሓልፎ ኣይመረጸትን። ነዊሕ ሰዓታት ዝቐጸለን ናብ ኮራ ገጹ ብዘምርሐን ክትዕ ከፈተት።

ሚካል ንሓድሽ መሓዛኣ፡ ብቘንቋኣ ሃኒ፡ ኣብ መርዓ ስድራቤት እያ ተላሊያቶ። ብማኪና ገዛ ኣብጺሑወን። ብናይ ዕቡያት ጥበብ ቊጽሪ ሞባይል ሓቲቱዋ። 'ሞባይለይ ደኣ ኣበይ ገዲፈያ እስከ ሚስ ኮል ግበሪ' ብምባል ቊጽራ ኣትሪፉ። ኣብ ሰሙኑ ደዊሉ ረኺቡዋ። ኣዝዩ እዩ ብዕድመ ዝዓብያ። ሻሂ ምስ ጋበዛ ምኽሪ ሓቲታትና። ሰለስተና ብሓደ ድምጺ ኣይተቐበልናዮን። ግን ድሮ ተቛጺራስ ሻሂ ክትሰቲ ጀሚራ ነበረት። ብድሕሪ'ዚ ብማዕዶ ኣርእያትና።

ሎሚ ኣፍደገ ቤት ትምህርትና'ውን መጺኡ።

"በቃ ከም በጊዕ ተጻዒና እናኸደት ስቕ ኢልኪ?" በለትኒ ሄለን እታ ንሚካል ዘሳፈረት ማኪና ካብ ዓይንና ከይርሓቐት። ኣይመለስኩላን። ዝበልኩዎ ቃል ክደግም'ውን ኣይመረጽኩን። ምድግጋምን ኣብ ሓንቲ ሓሳብ ዕንክሊል ምባልን የሰልክየኒ እዩ።

"ሰብ እናተጋገየ ስቕ ምባል፡ እናፈለጥካ ክጠፍእ ምፍራድ፡ እናጸደፈ ኣብ ገምገም ምድፋእ እዩ፡" ወሰኸት።

"እዚ ውልቃዊ መሰላ እዩ፡" በልኩዋ ኣብ ኣፈይ ብዝመጸኣ ቃል።

"ምስ መሰል ብሕትውና ኣይሰርዖን እየ። ክትፈልጢ ከኣ እዚ ድሕረት እምበር ከም ምዕባለ ኣይርእዮን እየ፡" ቀጸለት ሄለን፡ ስና ነኺሳ። ሄለን ሕርቃና ንምግላጽ ድምጻ ተትርሮ ወይ ከናፍራ እያ ትነኽሶ። ረቀቕቲ ከናፍራ ሓይኻ ከይትውድኣን እየ ዝፈርሓላ።

"እንታይ ክብላ ተጸቢኺኒ?" ንሕቶኣ ብሕቶ መለስኩላ።

"ትነግርያ። ዕድመ ልዕሊ ቊጽሪ እዩ። ኣይኮነክን እዩ ትብሊያ?"

"'ዝኾነን ዘይኮነን እፈልጥ እየ። ሃኒ ማኪና ኣሎዎ። ዕላሉ ጥዑም እዩ። ብዘይ ዕረፍቲ ይድውል። ሻሂ ንስተ ኢሉ የውጽኣኒ። ኣብ ፓርኪን እዩ ዝፈቱ፡' ኢላ መሊሳትለይ፡" ጸብጻበይ ሃብኩ።

"ፓርኪን እኳ ... መንነት ከየርኣኻ ትኣትዎ ሆተል እዩ፡" በለት ሄለት፡ ዕምቈት ፍልጠታ ኣደንጽዩኒ። ዝፈልጦ ኣርእስቲ'ውን ኣይነበረን። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ማኪና ኮይኖም ሻሂ፡ ማኪያቶን ቡንን ዝሰትዩ ሰባት ብሕት ኢሎም ከዕልሉ ዝመርጹ እምበር ንኻልእ ዕላማ ዘዘትሩዎ ይመስለኒ ኣይነበረን። ሄለን እተንብቦ መጽሓፍቲ ጠቒምዋ እዩ።

"ምኽሮ - ምኽሮ ምስማዕ እንተ ኣብዩ መከራ ይምከሮ፡" ኢለያ ድምጸይ ኣፍኲስ ኣቢለ።

"እንታይ መኺርክያ መዓረይ?" ኣላገጸትለይ፡ ናይ ኮራ ክምስታኣ ብርሃና ከም ዝሃሰሰ መብራህቲ ገዛ ቀየረቶ። መብዛሕትኦን ትሕቲ ዕድመ ተመሃሮ ጥንሲ ዘጋጥመንን ሓዲግ መዲግ ዝተርፋን ካብ ብዕድመኣን ዝዓቢ ሰብ ምዃኑ ኣፍሊጠያ ነይረ።

"'ሚካል ገና ንጹታዊ ፍቕሪ እኽልቲ ኣይኮንክን። እዞም ሰብኣይ ከኣ መዘናኺ ኣይኮኑን፡' ኢልያ?" ዘረባይ ንሄለን ኣስሓቓ። "እዞም ሰብኣይ!" ደገመታ እታ ዘረባ። ተመሳሳሊ መግለጺ ነይሩና። ብመነጽር ዓይኒ ሚካል ግን ኣይተራእያን።

"እንታይ ኢላትኪ?" ፌሩዝ ስቕታኣ ሰበረት።

"'ኣይምልከተክን እዩ፡' ኢላትኒ።"

"ውዑይ ዕድመ እዩ።"

"ናይ በይና ፌርኒሎ ዶ ኣሎዋ እዩ። መሰታና እንድያ? ከምኡ ድኣ!" ወሰኸት ሄለን። ከምዞም ባዕሎም ኣዕሊሎም ቀዲሞም ዝስሕቁ ሰባት፡ ሄለን ብቓላታ ሰሓቐት።

"ኣይስክሬም እዩ ዝፈቱ! ኣይስክሬም እዩ ዝጋብዛ!" ነቲ ዝነገረትኒ ምስጢር ነገርኩወን። ሰሓቕና መቈጻጸሪ ሰኣንናሉ።

"ናይ ዕድመ ፍልልይ ኣብ ዝምድና ወሳኒ እዩ። ሚካል ዋዒ እምበር ጕርሒ የብላን። ዝኾነ ነገር ክትፍትን ክትደሊ እያ፡" በለት ፌሩዝ፡ ካብኡ ትፍለየሉ ሜላ ክንፈጥር እናሓሰበት።

"ሕጅስ ኣይከውንን እዩ። ግዜ ከድልያ እዩ። ድሓር ሓያል ሰብ እዩ። ማስትሺ እዩ። ከተተንፍስ ግዜ ኣይህባን እዩ። ኣብ መዓልቲ ክንደይ ግዜ ከም ዝድውለላ እኳ ኣይፈለጥክንን። 'ተሲእክለይ ዶ? ቊሪስክለይ ዶ? ተመሲሕክለይ ዶ? ደቂስክለይ ዶ ጻዕዳ ርግቢተይ፡' እናበለ ካልእ ከም ዘይትሓስብ እዩ ገይሩዋ፡" ነገርኩወን ነቲ ንመኣመኒ ዘምጽኣትለይ ነጥቢታት ብምጥቃስ።

"እዚ ካብዞም 'ጓል ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዕድመኣ መድሃኒት እያ፡' ዝብሉ ሰሱዓት ሰባት ክኸውን ኣሎዎ። ነዛ ጻዕዳ ርግቢት መንገብገባ ሰይሩ ሓዲግ መዲግ ከትርፋ እዩ፡" ወሰኸት ሄለን።

"ካብዚ ሃነይነይታ ትወጽኣሉ ጻዕሪ ከድልየና እዩ። ህይወታ ጉዳይና እዩ። ምሸት ኣብ ገዛኣ ኬድና በቲ ዛንታ ፍቕሪ ንሰምዕ በቲ ከኣ ኣተሓሳስባኣ ንቕይሮ፡" በለትና ፌሩዝ ኣብ መፈላለዩ ምስ በጻሕና።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ዝያዳ መስተውዓልቲ ሰባት

ሱራፌል ተ.

ክልተ ኣዕሩኽ እዮም፣ ጂምን ስተውን ይብሃሉ። ትምህርቲ ድሕሪ ምውድኦም ኣብ ሓደ ትካል ብሓደ ተቘጺሮም። ክልተኦም ተጊሆም ይሰርሑ ነበሩ። ኣብቲ ስራሕ ዝነበሮም ተገዳስነትን ጻዕርን ከየጕደሉ ከኣ ሰለስተ ዓመት ሓለፈ። ንስርሖም ኣድቂቑ ክከታተል ዝጸንሐ ዳይረክተር ናይቲ ትካል፡ ንስተው ሓላፍነት ብምሃብ ኣዕበዮ። ጂም ግን ዝኾነ ዕብየት ኣይተዋህቦን፣ ኣብቲ ዝነበሮ ክፍሊ ጥራይ ቀጸለ።

ምስ ዓርኩ ብሓደ ተቘጺሩ ከብቅዕ፡ ካብኡ ብዘይ ፍሉ ጽዒሩ ከነሱ፡ 'ከመይ ኢሉ ስተው ጥራይ ዕበየት ይግበረሉ፡' ኢሉ ኣይተዋሕጠሉን። ግቡእ ኲይኑ'ውን ኣይተሰምዖን። ናብ ዳይረክተር እቲ ትካል ብምኻድ፡ "ጻዕራም ሰራሕተኛ ኣይተተባብዕን ኢኻ፡" ክብል ቅሬታኡ ገለጸሉ። እቲ ዳይረክተር ንጻዕርን ተወፋይነትን ጂም ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጦ ነበረ። ስተው በዝን-ከምዝን ይበልጸካ ኢሉ ብቓላት ከረድኦ እንተ ፈተነ'ውን ከም ዘይሰልጦ ተገንዘበ'ሞ፡ ካብ ስተው ዝፈልዮ ነገር ብግብሪ ንኸርእዮ ሓደ ሓሳብ ሓሰበ።

ንስተው ብምጽዋዕ፡ ንኽልተኦም በበወገኖም ናብ ድኳናት እቲ ከተማ ከይዶም ብርጭቕ ዝሸይጥ ነጋዳይ እንተ'ሎ ሓቲቶም ክመጽኡ ለኣኾም። ክልተ ኣዕሩኽ በብዝጥዕሞም መገዲ ልኡኾም ከጣልሉ ከዱ።

ጂም፡ ቅድሚ ስተው ጉዳይ ብርጭቕ ኣጣሊሉ ተመልሰ።

"ጂም ረኺብካዶ?"

"እወ ረኺበ።"

"ንኺሎ ክንደይ ኢሎሙኻ?" ክብል ሓተተ ዳይረክተር። ጂም ዋጋ ከይሓተተ ስለ ዝመጽአ፡ ከም ብሓድሽ ናብቲ ዕዳጋ በጺሑ ተመልሰ።

"ን1 ኪ.ግ. 12 ቅርሺ፡" ክብል ነገሮ። ከምዚ እናበሉ ስተው ተሓወሶም።

"ስተውከ ረኺብካዶ?"

"እወ ረኺበ።"

"ንኺሎ ክንደይ ኢሎሙኻ?" ክብል ተመሳሳሊ ሕቶ ሓተተ ዳይረክተር።

"ኣብዚ ከተማ ሓደ ሰብ ጥራይ'ዩ ብርጭቕ ዝሸይጥ ዘሎ። ን1 ኪ.ግ. 12 ቅርሺ'ዩ። ን10 ኪ.ግ. ድማ 100 ቅርሺ ክገብረልና እዩ። 340 ብርጭቕ ኣብ መኽዘኑ ሒዙ ኣሎ። ኣብ በትሪናኡ ግን 48 ጥራይ ኣሎ፣ ነፍሲ-ወከፍ ብርጭቕ ከኣ ኣስታት 2.5 ኪ.ግ. ይምዝን። እዚ ብርጭቕ ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ካብ ደቡብ ዝተገዝአ'ዩ፣ ሓድሽን ጥዑይን ብርጭቕ ድማ እዩ፡" ክብል መለሰሉ። ጂም፡ በቲ ኣብ መንጎኡን ስተውን ዝነበረ ፍልልይ ተመሰጠ። ካብ ዓርኩ ብዙሕ ክምሃር ከም ዘሎዎ ተረድአ።

ዕውታት ሰባት ዝያዳ ኣስተውዓልቲ እዮም። ካልኦት ብዛዕባ ጽባሕ ጥራይ ክሓስቡ እንከለው፡ ንሳቶም ኪንዮኡ ቀዲሞም ይሓስቡን ይርእዩን።

inspirationalstories.com

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳሊሓ ኣሕመድ መሓመድ፡ ብዓል ቤተይ ኣሕመድ መሓመድ ሓሴን ስለዝዋረረ፡ ኣነ ወራሲቱ ምኳነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንሓ/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ መሉጌታ ኣማኑኤል በየነ፡ ኣቦይ ኣማኑኤል በየነ ጉብረትን ኣዴና ግደይ ሰለሙን ዑቕባሚካኤልን ስለዝዋረረፉ ንሕና 11 ደቆም ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቐረብ።

ቢንያም ሰለሙን ጉብረርጊሽ፡ ነፍ/ ጃንፓውሎ በኒ ራፋየሎ፡ ብዕለት 25 ግንቦት 2021፣ 55% ናይ በኒ ፋብሪካ ጫማ ዝተወሰነ ናይ ብሕቲ ማሕበር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራ ጎደና ሎረንዞ ታእዛዝ ቁጽሪ 20/22 ዝርከብ ህንጻ ድኳንን መንበርን ምስ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረቱ ብለዋ ስለዘውረሰኒ ክጸድቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቦ ተሰፋማርያም ጉብረሚካኤል፡ ኣቦና ተሰፋማርያም ጉብረሚካኤል ብርሃን ኣዴና መብራት ሰዩም ኣስገዶምን ስለዝዋረረፉ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲት ተተካኢ 1 ወዳ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቐረብ።

ሄዋን ጎይትኦም በርሀ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ መብራህቱ ጉብረመድህን ስለዝተሰወአ ንጓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቐረብ።

ከሳሲት ሳሊና ጉብረብርሃን ወልደመንቆርዮስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት ኣምለሶም፡ ንሰም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሰሲት ወረ/ፍ ኣርኣያ ተሰፋይ ወ/ሮ ኣብርሀት ኣርኣያ ተሰፋይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ ነፍ ኣርኣያ ተሰፋይ ነፍ/ፍጹም ተሰፋይ 1.ኣቶ ርብል ፍጹም ኣርኣያ 2.ኩት ፍጹም ኣርኣያ ንምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ኣሕመድ ዓብዱራሕማን እድሪስ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነፍ/ር የማ ሰዩም ብሬ፡ ካብ ገዛ ንምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ማሻን የዕበዮ ሓደጉ፡ ተኸሰስቲ፡ 1.ኣረጋሽ የዕበዮ 2.ኣሰፋው የዕበዮ 3.ኣማረ የዕበዮ 4.1 ማሕታ ኣስመላሽ 4.2 ሰምኦን ኣስመላሽ 4.3 የዛና ኣስመላሽ 4.4 ሳሮን ኣስመላሽ 5.ነጋሺ የዕበዮ 6.ተሰፋይ የዕበዮ 8.ኣስገዶም የዕበዮ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣስቴር የውሃንስ ጉብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረልኡል ተኸስተ ሜፋን ስለዝዋረረ፡ ንጓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ሉታይ በየነ በርሀ ምግል ተረፋ፡ የርዳኖስ በየነ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ታኣምራት ተወልደ ጉብረጻድቕ፡ ኣዴና ኣበባ ኣርኣያ ሰረቐ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዘውዲ ተሰፋማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ረዘነ ተሰፋማርያም፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተማሲሩ፡ ስለዘሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ሰልቫና ለኣከ ተወልደ ምግል ተረፋ፡ ሰልቫና ዴታ ተፊሪ ተሰፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ኣስመረት ተሰፋይ ተሰፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ቢንያም ተወልደብርሃን ጉብረይ ምግል ተረፋ፡ ሄርሞን ተወልደብርሃን ጉብረይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ማከዳ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ፋንኤል ክብረኣብ ተሰፋሚካኤል፡ ናይ ፍትሕ ምጽዳቕ ክሲ ተማሲሩ ስለዘሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ሰለም መሓመድ ሓሴን መሓመድኑር ምግል ተረፋ፡ ሰለም መሓመድሓሴን መሓመድ ኑር መዘየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ርግበ ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኢብራሂም ኣሕመድ ሰሌማን፡ ካብ ዕለት 15/1/2014 ደኞ ስለዘይብለይ፡ ናይ ጥፉእ ውሳኔ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ።

የርዳኖስ በረኸት ተወልደ ምግል ተረፋ፡ የርዳኖስ በረኸትኣብ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ልዋም ሳምሶን ጆርጅ ምግል ተረፋ፡ ልዋም ሳምሶም ገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ትዕግስቲ ጴጥሮስ ትካቦ ምግል ተረፋ፡ ትዕግስቲ በርሀ ትካቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ከሰሲት ንያት ቢንያም ኣምለሶም፡ ተኸሳሲ ቢንያም ኣምለሶም፡ ንኣብነት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ከሳሲ ኣቶ መሓሪ ዑቕባዘርኣብሔር ሃብተስላሴ፡ ወኪል ዘውዲ ዑቕባዚ ሃብተስላሴ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ማርታ ኣብርሃለይ ሰዩም፡ ናይ ምልቃቕን ዕዳ ክራይ ገዛን ክሲ ተማሲሩልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣዝመራ ዑቅባሚካኤል ክፍለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ኣብርሃም ጉብረመድህን ስለዝዋረረ፡ ንጓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሰሎም ኣብዩ ወልደሚካኤ ምግል ተረፋ፡ ሰሎም እስጢፋኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኪዳነማርያም ኣብርሃም ዑቕባዝጊ፡ ኣቦይ ኣብርሃም ዑቕባዝጊ ስቡሓቱ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ትንሰኣ ሰዩም ወልዱ፡ ጓለይ ሳባ ጸጋይ ኣርኣያ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ኣዲኣ ምስ ኣቡኣ ነፍ/ሃር ጸጋይ ኣርኣያ ተተካእቲ 7 ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሽማይ ኣብርሃም ጸጋይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ሃብተየሱስ ኣስፍሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ህድኣት መብራህቶም ፍስሃየ ምግል ተረፋ፡ ህድኣት መብራህቱ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ገ/ሄር ዑቕባይ ዘርኡ፡ ኣቦና ዑቕባይ ዘርኡ ሕድራይን ኣዴና ክብደሽ ሃይለ ምራጭን ስለዝዋረረፉ፡ 9 ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ ኣቶ መሉእ ጸጋይ ጉብረመድህን፡ ወኪል ሰለማዊት ፍትዊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጉብረሂወት ጸጋይ ጉብረመድህን፡ ናይ ገዝኡብ ክርክር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ሉልያ መንግስ መድሃኔ ምግል ተረፋ፡ ሉልያ መንግስትኣብ መድሃኔ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ረዘነ ሰዩም ግደይ፡ ስም ኣደይ ናይ ኣቦ ሓጎይ መሻሻ ምግል ተረፋ፡ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲ ኣቶ በሪሁ ቀሺ በየነ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣድሓኖም ኪዳነ በራኺ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ገዛ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሳሊም ነጋሲ ሰዩም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኢያሱ መሉጌታ ጉብረርጊስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሉተሊፍኖስ ጥዑም በርሀ ዝተባሃልኩ፡ 794.38 ናቕፋ ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጨንፈር ዓዲ ቐይሕ ኣብ ተጠራቓሚ ቁጽሪ ሕሳብ 6837 ተቐሚጡ ዝርከብ ገንዘብ ብምሉኡ ምስ ሕጋዊ ወለዱ፡ ብዓል ቤተይ ነ/ሄር ቀሺ ተሰፋማርያም ሃይሉ ጉብረተኽለ ካብዚ ዓለም ብሞት ቅድሚ ምፍላዩ ብዕለት 3/3/2024 ዓ/ም ብናይ ጽሑፍ ለዋ ስለ ዘለኒ፡ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ለዋ ክጸድቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ሓዳስ ሰለሙን፡ ብዓል ቤተይ መልኣከ ጉዙ ዑቕባዜን ቅድሚ 18 ዓመት ምስ ወጸ ደጁ ስለ ዘይብለይ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ኣቶ ወልደሚካኤል ተሰፋይ፡ ወደይ ነብራይ ወልደሚካኤል ተሰፋይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳሚ ያሲን ማሕሙድ ምግል ተረፋ፡ ሳሚ ያሲን እድሪስ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሉተእዝጊ ጉብረማርያም ጉብረማስቀል፡ ብዓል ቤተይ ክፍላይ መሻሽ ሃይለ ስለዝተሰወአ፡ ንጓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ሓሰን ሓጂ መሓመድ ዓሊ ሓሴን፡ ተጸዋዒ ኣቶ ዓብደረዛቅ መሓመድ ኣሕመድ፡ ናይ ሰበል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

---

ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዞባ 1 ምም/02 ዝርከብ፡ ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ብስም ሓፍተይ ወ/ሮ ማና ፍስሃየ ደረስ፡ ብቑጽሪ ወረቐት 500614 መወከሲ ቁጽሪ 501569 ዝተመዝገበ ብህያብ ስለ ዝተዋህበኒ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኮይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቐረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ክፍሎም ፍስሃየ ደረስ

---




## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ንሕና 1.ትዕበ ዓብዩልቃደር 2.ኣሚና ዓብዩልቃደር 3.ኑርያ ዓብዩልቃደር 4.ስዑዲ ዓብዩልቃደር ዝተበሃልና ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 02 ጎደና ዳንዴር (ሃይለ መለኮት) ቁ/ገዛ 26 ሎታ ቁ.2 ቁ. ፓርቸላ —— ብዮዘዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 102154 መወከሲ. ቁጽሪ 106271 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 20658/28/55 ብስም ወላዲና ነ/ፍ ዓብዩልቃደር መሓመድዜን ዓብደላ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት መሰረት ምቕሊት ንብረት ወርሲ. ወላዲና ብቑጽሪ መዝገብ 167/2010 ብቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዝተፈጸመ፣ ብጽሒትና ምኽንያት ዝተረጋገጸልና፡ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለ ዝወሰንና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪ ዞባ ማእከልን ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ትዕበ ዓብዩልቃደር +3

ኣብ ከተማ ኣስመራ ከብቢ/ዚፕ ኮድ ገጀረት 1A752 ፕሎት 25 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00013199 ፓርሰል A ጎደና - ቁ.ገዛ 8 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዩ ቁ. ንብረት 1:005367 ብስም 1.ሙሉጌታ ቅስሙ 2.ዓጽሙ ቅስሙ 3.ፍጹም ጉብራይ ዝተመዝገበ ብሓባር እንውንኖ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛውቲ)፡ ብዝፈጸምናዮ ስምምዕ ምቕሊት መሰረት ናብ ስምና ኣመሓላሊፍና ናይ ውልቅና ሰነድ ዋንነት ከውጽኣሉ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጃል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጸም ምኻንና ንሕብር።

.ፍጹም ጉብራይ

ብስም ተስፎም ፋሲል ኣርዓዶም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዳዞ ምርሒት ጤሳ ዓዲ ሰገዶ ዚፕ 1B3823 ፕሎት 15 ፓርሰል E ዝርከብ ዝተመዝገበ ገዛ ስፍሓት 250 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ማለት ገዛ ስለ ዝዓደግዎ፣ ናብ ስመይ ክመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጸም ምኻነይ ይሕብር።

ኣኽበረት ሰጊድ ደብረጼን
ወኪል ገኑት ሰጊድ ደብረጼን

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቤት መኻእ ዞባ 5 ምም/03 ዝርከብ፡ ኣብ ኮ/ኮ/ኣ/ኤርትራ ብቑምስክር ወረቐት 118316 መወከሲ. ቁ.136790 ብስም ወረ/ፍ/ ወልደሚካኤል ኪዳነ እፍለ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ወ/ሮ ትርሓስ ወልደሚካኤል ኪዳነ ብውርሲ ዝረኸበኦ ክፋሉ ብጽሒተን ሸይጠናለይ ናብ ስመይ ክመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት፣ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ/ፓፕሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀረበ ግን ናብ ስመይ ክመሓላልፎ ምኻነይ ኣረጋግጽ።

ወ/ሮ ለምለም ጉብረጻድቕ ማኑ

ወ/ሮ ኣበባ ጉብረማርያም ወልደሚካኤል፡ ዝተፈቐደለን ናይ ኤለክትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን "ክብሮም ሓፈሻዊ ኤለክትሮኒክስ" (KBROM GENERAL ELECTRONICS) ተባሂሉ ክሰየማለን ስለዝተሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ዚፕ 1A714 ቁ. ገዛ 8 ዝርከብ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 6249/19 ናይ ዕለት 02/04/2049 ብስም ኣቶ ቶማስ ተኽስተ ብርሃን ወ/ይ ኤርትራ ተኽስተ ብርሃን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ሸይጦሙለይ ናብ ስመይ ክመሓላልፎ ስለ ዝዘደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ናብ ስመይ ክመሓላልፎ ምኻነይ ኣረጋግጽ።

ሕርይቲ ፍስሃጼን ወልዱ



# ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ እምነ ኩርናዕ ቁጠባዊ ገስጋስ

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ዝተተግበረ ቀጠባዊ ስትራተጂ እዩ። እዚ ድማ፡ መንግስታት ርሑቕ ምብራቕ፡ ካብ ኣትዮምዎ ዝነበሩ ቀጠባዊ



ድሕረት ንምውጻእ፡ ኣብ ሃገራቶም ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ንምዝዳድ ዝወስድዎ ንጡፍ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ ዘመልክት እዩ። ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ኣብ ውሽጡ ብዙሓት ኣምራት ወይ ስትራተጂታት የጠቓልል። ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ንዝትገበሩ ወፍርን ፍርያትን ብጽወታ ንምጽላው ኣብ ዝተመርጹ ጽላታት ኢንዱስትሪ ዝትግበሩ ድማ እዮም።

ኣብ ምርዳእ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ዓቢ እጃም ዝጻወት ካልእ መግለጺ ክወሃብ'ውን ይከኣል'ዩ። ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ኢንዱስትሪ፡ ሓፈሻውን ቅልጡፍን ገስጋስ ንምምዝጋብ፡ መንግስታት ብዝተወደበ መገዲ ጸጋታት ሃገር ናብ ኣገደስቲ ጽላታት ከምዝድህብ ዝጉበሩሉ




መሳርሒ ተባሂሉ'ውን ይጥቀስ'ዩ። እዚ ብወጽኢታዊ መገዲ ካብ ዝተጠቐማሉ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ከኣ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ብኣብነት ዝጥቀሳ'የን።

መንግስቲ ጃፓን፡ ኣብ መወዳእታ 1940ታትን መጀመርያ 1950ታትን ዝተኸተሎ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ኣብነት ናይ'ዚ እዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ድማ፡ ኣብ ምዕባይ ኢንዱስትርታት ሓጺንን ኣቻዮን ጠመተ ዝገበረ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲታት ተግባራዊ ገይሩ'ዩ። እዚ ዝተግበረሉ ምኽንያት ድማ፡ ፍርያት ናይ'ዞም ጽላታት ኣብ ምዕባይ ካልኦት ኢንዱስትርታት ኣገዳሲ ስለዝነበረ'ዩ።

ብተመሳሳሊ፡ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ 1950ታት፡ ንመጻኢ ዝኸውን ድልዱል ኢንዱስትርያዊ መሰረት ንምንጻፍ፡ ኣብ ከበድቲ ማሽነራውን ኬሚካላውን ኢንዱስትርታት ዘድሃበ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ ኣተኣታትዩ እዩ። በዚ ፖሊሲ ከኣ፡ ነቶም ዝተመርጹ ጽላታት፡ ጸወንታዊ ፖሊሲታት (protectionist policies) ብምጥቃምን ክሳብ ዝዓብዩ ብምድጓፎምን (subsidize)፡ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ውጽኢታዊ ተራኡ ተጻዊቱ እዩ። እዚ መሳርሒ'ዚ፡ ብገለ ክኢላታት ስነ-ቀጠባ 'ዲናሚካዊ ተዛማዲ ረብሓ' (dynamic comparative advantage) ዝብል ስያመ ተዋሂብዎ ልዑል ኣድናቖት ኣትሪፉ'ዩ።

ኣብ 1943 ሮዘንስታይን ዳን ዝተባህለ ክኢላ ቀጠባ ዘተኣታተዎ "ዓቢ ድፍኢት" ዝብል ኣምር ነይሩ። ብመሰረት እዚ ኣምር'ዚ፡ ነተን ኣብ መባእታዊ ደረጃ ኢንዱስትርያውነት ናይ ቀጠባ ዘለዋ ሃገራት ንምብርባር፡ እቲ ጽላት ዓቢ ወፍሪ ከም ዘድልዮ ይጠቅስ። እቲ ዘቤታዊ ጠለብ፡ ነቲ ወፍሪ ዝምጥን ምስ ዘይኸውን፡ ወፍሪ ብዙሕ እንትታታት (risks) ስለዘለዎ፡ ምትእትታው መንግስቲ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ ወሲኹ የብርህ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንሓደ ኢንዱስትሪ ወይ ንብዙሓት ኢንዱስትሪታት ኣብ ሓደ እዋን ንምዕባይ፡ ብዝዕባ ጠለብን ቀረብን ዕቱብ መጽናዕትታት ምግባር የድሊ። ብመሰረት መረዳእታ ሮዘንስታይን ዳን፡ ዘይተጸንዐ ወፍሪ ብሕታዊ ጽላት ኣብ ኢንዱስትሪ፡ ብዛዕባ መኽሰብ ደኣ'ምበር ብዛዕባ ዝተናውሐ ማሕበራ-ቁጠባዊ ገስጋስ ኣብ ግምት ስለዘየእቱ፡ ወጥን ከም ዘድልዮ ይምጉት። እዚ ከኣ፡ ብሕታዊ ወፍሪ ኣብ ክንዲ ረብሓ ናይ'ቶም ኣወፈርቲ ዘቐድም፡ ንረብሓን ምዕባለን ሕብረተሰብ ጠመተ ዝሃበ መታን ክኸውን ንምግባር እዩ።

መሰረታዊ ዕላማታት ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ፡ ቁጠባዊ ገስጋስን ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታትን እዩ። ብመሰረት ባትቻርያ ከምኡ ድማ ሊን ዝተባህሉ ክኢላታት ቀጠባ፡ እምነ-ኩርናዕ ዕላማታት ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲታት፡ ምፍጣር ሽቕለት፡ ሃገራዊ ቁጠባዊ ገስጋስ፡ ሰደድ ምዕባይ፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂያዊ ገስጋስ እዮም።

ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ ካብ ዘካትቶም ሰፋሕቲ ንኡሳን ፖሊሲታት፡ ከም ፖሊሲ ውድድር፡ ፖሊሲ ቀጥታዊ ግዳማዊ ወፍሪ (FDI)፡ ፖሊሲ ንግዲ፡ ፖሊሲ ዕዮ፡ ፖሊሲ ቴክኖሎጂ፡ ፖሊሲ ቀረጽን ፋይናንስን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ከም ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤሽያ፡ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ ኣብ ዝተጠቐማሉ እዋናት፡ ከም ክውንነት ሃገራተን ተግባራዊ ገይረናኦ እየን። ኣብ ህዝበን ዘተኮረ ዓበን ዝደኣቐን ቀጠባዊ ምዕባለ ክንግናጸፉ ከም ዘኽኣለን ድማ ጸብጻባት የረድኡ።

ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲታት፡ ፖሊሲ ውድድር'ዩ። ኣብ ዕዳጋ ኣብ መንጎ ትካላት ምዕሩይ ውድድር ንኽህሉ፡ ጸጋታት ፍትሓዊ ብዝኾነ መገዲ ብመንግስቲ ክከፋፈል ይግባእ። እዚ ማለት፡ መንግስቲ ነቶን ኣብ ውድድር ዝርከብ ትካላት፡ ዘድልየን ጸጋታት ዓቕሚ ስቡ ንጥረ-ነገራት፡ ማለት፡ ወጥን፡ ቁጽጽርን ጥጡሕ ባይታን እናፈጠረ፡ ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ዝኸውን ተራኡ ይጻወት። እዚ ሚዛን'ዚ ከኣ፡ እቲ ቀጠባ በቲ ኣብ ውድድር ዝርከብ ውሑዳት ብሕታዊ ትካላት እናተቐለለ፡ ናይ ዕዳጋ ዓብላልነት (market monopoly) ንኸይህሉ ዝዕቅብ እዩ። ፖሊሲ ውድድር ኣብ ዘተኣታተዋ ሃገራት ኤሽያ - ብፍላይ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን፡ እቲ ቀዳምነት ሂበን ዝሰርሓሉ ድማ፡ ምስ ሃገራት ምዕራብ ዘወዳደር ኢንዱስትርያዊ ጽላት ኣብ ሓጺር እዋን ምህናጽን ምትእትታው መንግስቲ ገደብ ንዝወጻእ ዕዳጋ (market failure) ንኸየጋጥምን ዝብል'ዩ ነይሩ። ብሕታዊ ጽላት ብውጥን መንግስቲ ከም ዝኸይድ ምግባር ከኣ፡ መሰረት ናይ'ቲ ዝተገናጸፉኦ ቀጠባዊ ዓወት ነይሩ።

ናይ ውድድር ፖሊሲ ብዝዀነ ምስ ተቖጻጸርቲ መሰረት ምስ ኣትሓዘ፡ ብፍላይ ሃገረ ጃፓን ካብ ፖሊሲ ውድድር ንላዕሊ፡ ኣብ ምምልላእ (complementary) መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ክትክተል'ያ መሪጻ። ዝ ከኣ ኣብ'ተን ክልተ ዕቑዳት ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ቀዳምነት ሂባ ሰሪሓትሉ። ብዘይካ'ዚ ገለ ብሕታዊ ትካላት ዓብላልቲ ብምዃን ዕዳጋ ከይብሕታ ብምግባሩ፡ ብመንግስቲ ዝውሃብ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት (Kairetsu) ብምምስራት፡ ዝኣትዋን ዝወጻን ትካላት እናተቖጻጸረት፡ ሚዛናውነት ናይ ዕዳጋ ከምዝህሉ ገይራ። ኣብ ደቡብ ኮርያ'ውን ብተመሳሳሊ፡ ነቲ ዕዳጋ ሚዛናውነት ዘትሕዞ ብመንግስቲ ዝተመስረታ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት (Chaebol) ነይረን።

ንግዳዊ ፖሊሲ ካልእ ኣገዳሲ ኣካል ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ'ዩ። ንግዳዊ ፖሊሲ፡ ብፍላይ ንእታውን ሰደድን ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ'ዩ። ምዕባይ ሰደድ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዓቢ ተራ ከም ዘለዎ ዝኩሓድ ኣይኮነን። ዝ ዝተገዝአ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ድማ፡ ናብ ሰደድ ዝዓለመ ፖሊሲታት ተግባራዊ ገይረን። ንኣብነት፡ ኣብ መባእታዊ ደረጃ ዕቤት ዝነበራ ጀመርቲ ኢንዱስትሪታት (Infant industries) ናይ'ዘን ሃገራት፡ ነተን ንኣተን ዘፍርያኦ ዝነበራ ፍርያት ዘወዳደር እታው፡ ልዑል መጠን ታሪፍ ብምስላዕ ከምዝዋሓብያ ተገይሩ። እቲ ንዕኣን ዘስርሐን እታው ስትራተጂያዊ ንጥረ ነገራት ግን ክሕግዘን ተባሂሉ፡ ካብ ቀረጽ ናጻ ነይሩ።

መንግስቲ ጃፓን ኣብ 1950ታት ርእሱማል ዘጽዓቐ (capital intensive) ኢንዱስትሪታት ኣተኣታትዩ። እዚኦም፡ ከም ኤሌክትሮኒክስ፡ መጻረዪ ኑዩዲን ማሽነሪን ዝኣመሰሉ ኮይኖም፡ ጸወንታዊ ፖሊሲታት'ውን ተግባራዊ ተገይሩዎም። ኢንዱስትርያዊ ፍርያቶም ተወዳዳሪ ኣብ ዝኾኑሉ 1960ታት ከኣ፡ ጃፓን ናጻ ንግዳዊ ፖሊሲ ክትክተል'ያ መሪጻ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ቶም ከም ምምስራሕ መግቢ፡ ኣውቶሞባይልን ኤሌክትሮኒክስን ዝኣመሰሉ ጽላታት፡ ኣጸቢቖም ስለዘይዓበዩ፡ ጸወንታዊ ፖሊሲታት ወይ ምክልኻል መንግስቲ ተግባራዊ ነይሩ።

ኣብ ደቡብ ኮርያ'ውን መንግስቲ፡ ንልምዳውያን ኢንዱስትሪታት ዓለመን ምምስራሕ መዕበን፡ ክዓብዩ ብምግባር፡ ልዑል መጠን ታሪፍን ምትካእ እታው ወይ ውሽጣዊ ፍርያት ምዕባይን (Import Substitution) ዝብሉ ስትራተጂታት ደጊፉ። ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ነተን ዕዮ ዘጽዓቓ (Labor Intensive) ወይ ብዙሕ ጉልበት ዝጠልባ ኢንዱስትሪታት - ከም ዓለመን ምስራሕ መርከባት፡ ፋይናንሳዊ ደገፍን ትሑት መጠን ወለድን ብምግባር፡ ክዓብያ ገይሩ።


ፖሊሲ ቀረጽን ፋይናንስን እውን ካልእ ኣገዳሲ ክፋል ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ'ዩ። እዚ ከኣ፡ ወፍሪ ንምትብባዕ፡ ወፍሪ ዝካየዳ ብሕታውያን ትካላት ትሑት መጠን ቀረጽ ብምኽፋልን፡ ካብ ወለድ ናጻ ወይ ትሑት መጠን ወለድ ዘለዎ ልቓሕ ብምሃብን ምትብባዕ ማለት እዩ። ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ኣብ'ዚ ፖሊሲ ቀረጽን ፋይናንስን ዕውት ስራሓት ኣካይደን እየን። ንኣብነት፡ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ 1996 ዝቖመ መንግስታዊ ትካል መደብ ወህለላን ንኣሽቱ ልቓሕን (መውል)፡ ዘቤታዊ ወፍሪ ዜጋታት ንምትብባዕን መነባብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽን ምስ ፖሊሲ ርእሲ ምርካሳ ተሳንዩ ከምዝኸይድ እናገበረ፡ ዓመታዊ ኣማኢት ሚልዮናት ናቕፋ ብመልክዕ ልቓሕ ይህብ ኣሎ። ብዙሓት ዜጋታት'ውን ብሳላ'ዚ መደብ'ዚ ማሕበራ-ቁጠባዊ ሂወቶም ለውጢ ከመዝገቡን ዝሓሸ ናብራ ክመርሑን በቒዖም እዮም።

ኣብ መዳይ ፖሊሲ ቀረጽን ፋይናንስን፡ ፋይናንሳዊ ጽላት ኣብ ቁጽጽር መንግስታት ናይ'ተን ሃገራት ማለት፡ ኣብ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን'ዩ ነይሩ። ስሉጥ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት ንምሃብን ገዝዑብ ንምቕራብን ድማ፡ እዘን ሃገራት ጥሕታት ልምዓት ክምስርታ፡ ትሑት መጠን ወለድ ክዝብራ፡ ከምኡ'ውን ቀጥታዊ ልቓሕ (Direct Loan) ክቐርባ ዝብሉ ፖሊሲታት ተግባራዊ ገይረን። እዚ ከኣ እዘን ሃገራት፡ ኣብ ዜጋታተን ምዕሩይ መነባብሮ ክሃንጻን ፍትሓዊ ቀጠባዊ ገስጋስ ከመዝግባን ኣኽኢሉወን። ብመሰረት ባትቻርያ ከምኡ'ውን ሊን ብምሃብ ትሑት መጠን ወለድ ዘለዎ ልቓሕን ወለድ ኣልቦ ልቓሕን ጥሕታት ብምኽሳቦም ዓይኒ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብዞራላውን ሰቦኣውን መንገዲ ልቓሕ ንዜጋታት ኣብ ምሃብ ዓቢ ተራ ነይሩዎ።

ኣብ ኢንዱስትርያዊ ፖሊስ እቲ ቀጺሉ ዝመጽእ፡ ፖሊሲ ዕዮ ዝበሃል'ዩ። ፖሊሲ ዕዮ፡ ኣብ ምዝዳድ ቁጠባዊ ገስጋስ ዓቢ ተራ ዘለዎ'ዩ። ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያን ካልኦት ሃገራት ርሑቕ ምብራቕን ድማ፡ ዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ምስ ክውንነቶም ብዝሰኣደ መገዲ ተጠቒሞሙሉ። ንኣብነት፡ ደቡብ ኮርያ ካብ 1960ታት ኣትሒዛ ማሕበር ሸቃሎ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ብምእታውን ቀጠባ ዝጠልቦ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ንምምላእን፡ መንግስቲ ዕዳጋ ዕዮ ተቖጻጺሩ ኣፍራይነት ሸቃሎ ክዓቢ ሰሪሑ። እዚ ከኣ ኣብ ምዕሩይ ቀጠባዊ ገስጋስ እታ ሃገር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ጃፓን ብወገና፡ ሸቃሎ ዋንነት ተሰሚዑዎም ኣፍረይቲ ንክኾኑ፡ ንስራሕተኛታት ስልጠናን ትምህርትን እናህበትን መሳለዮም ከምዝሕሎ እናገበረትን ንፖሊስ ዕዮ ኣተግበራቶ።




ካልእ፡ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ ብዕቱብ ካብ ዝርእዮ፡ ቴክኖሎጂያዊ ፖሊሲ'ዩ። ቴክኖሎጂ፡ መሰረት ኩሉ ቀጠባዊ ምዕባለ እዩ። ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን ዘሎ ጋግ ድማ የጽብብ። ብፍላይ፡ እቲ ቴክኖሎጂ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዜጋታት ዝማሃዘን ዝምዕበልን ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ምቅልጣፍ ምዕባለ ከም ሓዲድ ኮይኑ ክገልግል ይኽእል እዩ። ማዕረ ማዕረኡ'ውን፡ ኣብ ቴክኖሎጂ ዘተኮረ ትምህርትን ስልጠናን ምሃብ፡ ነቲ ምዕባለ ዜጋታት ዘራኽብ እዩ። ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ድማ፡ ኣብ'ቲ ፈለማ ካብ ወጻኢ ሃገር ቴክኖሎጂ እናምጽኡ'ኳ ደሰርሑ እንተ ነበሩ፡ ምስ ግዜ ግን ኣብ ዘቤታዊ ትካላት፡ ቴክኖሎጂያዊ ዓቕሚ ንኽፍጠር ተሰሪሑሉ። ንኣብነት፡ ጆሰፍ ስቲግሊትዝ ዝተባህለ ክኢላ ስነ-ቀጠባ ሌላ ምስ ተክኖሎጂ ንምዕባይን ኣፍራይነት ዜጋታት ንምድንፋዕን፡ ብመንግስታት ዝምእዘዝን ምቁጽጻር ዝግበረሉን ሃገራዊ ናይ ምህዞ ትካላት ምስ ዝምስረት፡ ውሽጣዊ ቴክኖሎጂ ክዓቢ ከምዝድርኽ የዘኻኽር። ኣብ'ዚ መዳይ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን




ሰሪሖናሉን ተዓዊተናሉን እየን።

ቀጥታዊ ግዳማዊ ወፍሪ (FDI) ካልእ ኣካል ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ'ዩ። እዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ኣብ ምዕባለ ሃገራት ዘይሃዓቕ ጥቕምታት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ምፍጣር ዋኒናዊ ክእለት (Entrepreneur Skill)፡ ዕድላት ሽቕለት፡ ዕድላት ናይ ደገ ዕዳጋ፡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ (ማል)፡ ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ወዘተ ካብ'ቲ ጥቕምታት እዮም። ይኹን'ምበር፡ እዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ኣብ ምምዝጋዝ ንጥረ ነገራትን ሕሱር ዓያዩ ዓቕሚ ሰብን ጥራይ ምስ ዘተኩር፡ ሃገራት ንምዝመዛ ከም ዝቃልዓ ዝጉበረን እዩ። ስለዚ፡ ጃፓንን ደቡር ኮርያን ድማ፡ ቀጥታዊ ግዳማዊ ወፍሪ ኣብ ረብሓአን ንምውዓል፡ ዕቱብ ቁጽጽር እናገበራ፡ ዋኒናዊ ክእለትን ምስግጋር ተክኖሎጂ ናብ ዜጋታተን መታን ክህሉ፡ ምስ'ቶም ግዳማውያን ኣወፈርቲ ክልተኣዊ ዋንነት (Joint Venture) ብምግባር፡ ሰሪሖናሉ።

ኣብ መደምደምታ፡ እዞም ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮም ሸዱሽተ ኢንዱስትርያዊ ወይ ልምዓታዊ ፖሊሲታት፡ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ - ብፍላይ ጃፓንን ደቡር ኮርያን፡ ካብ'ቲ ዝነበራኦ ቀጠባዊ ድሕረት ንምውጻእ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ምስ ኩነታተን ብዘሰማምዕ ኣገባብ ዝተጠቐማሉም እዮም። ኣብ ሓጺር እዋን ድማ፡ ምዕሩይን ኣሳታፍን ዝኾነ ቅልጡፍን ልምዓታውን ቁጠባዊ ገስጋስ ከመዝግባ ኣኽኢሉወን።

መወከሲ፡ Industrial Development in East Asia
K. Ali Akeemik vol 3

# ዛዕባ ሎሚ

## ዝኽሪ ሚያዝያ
## ስልጡን ህዝቢ - ሕማቕ ዕጫ

((10ይ ክፋል)
ኣሰር ሰለሙን

*ብኢጋጣሚ ዝኽሪ 32 ዓመት ረፈረንዱም (ሚያዝያ 1993) ከምኡ'ውን መበል 22 ዓመት ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (ሚያዝያ 2002)፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ናጽነትን ድሕሪ ናጽነትን ዝሓለፎ ብደሃይታት ዝምዝሸኽ፡ ካብ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ጀሚራ ክሳብ ናጽነት ኤርትራ (1991) ዝተሓለፈ መድረኻት ታሪኽ ብሓጺር ገሊጹ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ እንተቐደ ልኡላውነት ኤርትራ ዝምቕልበስ እንተዘይቀደ ህዝቢ ኤርትራ ገድፍን ኣገርኪኻዕን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዞባዊ መልሓቕ ምዕራባውያን ዝኾነት ኢትዮጵያ ዝምኢታዉ፡ ብዶብ ተባቢሉ ናብ ዝተወልዐ ግጭት ብምኺድ ክሳብ ኣብ 9ይ ክፋል ድማ ድሕሪ ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ትግባረ ብይን ዝምህንቃጽ ዝተኻየደ ብዙሕ ዛዕባ ተንቲኑ፡ መቐጸልታኡ ይስዕብ-*

***


ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ብዝርዝር ዝተገልጸ፡ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እቲ ጽላሉ ዝኾነ ባይቶ ጸጥታ ስለዝጠለሞ፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኩነታት እዩ ስርሑ ፈጺሙ። ምስ ኩሉ'ቲ ካብ ሕጋዊ መገዲ ክእለ ዝተገብረሉ ጸቕጢን ልምሰት ባይቶ ጸጥታን ግን፡ እቲ ኮሚሽን ኣብ ሕዳር 2007 ሕንጻጽት ናይቲ ዶብ ብመራኸቢ ነጥብታት እንተላይ ኣውራ ዝተኸለሉ ደቂቕ ዝርዝራቱ ኣብ ካርታታት ኣሰፊሩ፡ ንጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓንሳብን ንሓዋሩን ሕጋዊ መኽተምታ ገይሩሉ፡ ስርሑ ብዓወት ዛዚሙ።

ክቕጽሉ'ኻ ይብሉ ይቕልቱ'ኻ ከምዝነበሩ፡ ከም ወጽኢት ናይቲ ማእለያ ዘይብሉ ዕንቅፋታትን ኑቲ ዕንቅፋታት ንምስጋር ብኮሚሽን ዝተኻየደ ጻዕርን ምብልላትን፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝኾነ ከርናዕ ዓለምና ካብ ዝርከብ ዶባት፡ እቲ ኣዝዩ ዝጸረ፡ ደቂቕ ዝርዝራትን መወከሲ ሕጋዊ ሰነዳትን ዘለዎ ዶብ ክኸውን በቒዑ፡ ታሪኽ ብዘይጋጋሚ ከምዝረጋገጾ፡ ሓቂ ብዓለቕ ተቐቢሩ ዝተርፍ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ማህደር መኸተኡ ካብ ዝመሃሮ ተሞኩሮ ሓደን ዝዓበየን፡ ይሕጸር ይንዋሕ፡ ይጥዓም ይምረር፡ ኣብ መደምደምታ ሓቂ ከምዝዕወት እዩ።

### ዘመተ ምስይጣን

ኣብ 1998 ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብዓል ጸብቂ ዝኾነ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ወራር ክፍጽም እንከሎ ዝበረ ደርኺት ኣመሪካ፡ ኣብቲ ናይ ኩናት እዋን ኣመሪካ ብቐጥታን ብመገዲ ወኪላታን ዘርከተትሉ ዝፍ ወተሃደራውን ቁጠባውን ሓገዝት ጭብጥታቱ ስውድ ታሪኽ'ዩ። ከሉ'ቲ ዝተገብረ ምትብዓዩን ድትማን ኣይጠቕመን፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ሕጋዊ መጋብኢያ ምስ ቀረበ ድማ፡ ብሕጊ ተረቲዑ ካልኣይ ስዕረት ኀሲሙ። እዚ ክልተ ስዕረት ግን ንደገፍቲ ናይቲ ስርዓት ክውሓጠሎም ኣይከኣለን፡ ኣመሪካን መሻርኽታን ብድሕሪዚ ዝሓዝዎ ሜላ፡ ሕጋዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽዋድ ንኤርትራ ብቑጠባ ኣዳኺምካ፡ ህዝቢ ብምጭናቕን ንመንግስቲ ኤርትራን መራሕኡን ብምስይጣንን ኣብ ኤርትራ ናይ ስርዓት ለውጢ ምምጻእ፣ በዚ መገዲ'ዚ ከኣ ኑቲ ኣብ ጉዳይ ዶብ ክፍጸም ዝተሓሰበ ዓሎቑ ምውሓሰ'ዩ ነይሩ።

እቲ፡ ሓንሳብ ብምግዛስ መሳል ሃይማኖታትን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ሓንሳብ



ብምዝራግ ዞባዊ ሰላም፡ ሓንሳብ ብምድጋፍ ግብረሽበራን ዕጡቓት ተቓወምቲን፡ ኣንጻር ኤርትራን መንግስታን ዝዊሕ ዓመታት ዝተኻየደ ዘዩቋርጽ ኣጸላሚ ዘመተታት እምበኣር፡ ተሓለቕቲ ግዝኣተ-ሕጊ ኢና በሃልቲ ኣመሪካን መሻርኽታን፡ ገበናም ከዊሎም፡ ግዝኣተ-ጫካ ንምስሳይ ዘንቀልዎ 'ሓብል በልያ ከይትቕድመኪ' ዝዓይነቱ ዘመተ'ዩ ነይሩ። ከም ኣካል ናይዚ ዘመተ'ዚ፡ ንኤርትራ "ግብረ ሽበራ ትድግፍ'ያ" ኢልካ ምኽሳሳ ምእንቲ ክጥዕም፡ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ፈለማ፡ ኤርትራ ንኣባላት ኪዳን ጸረሽበራ ዝኾና ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተሰለዐ ፖለቲካዊ ሓገዝ ከይትረክብ፡ ኣብ ሰነ 2001 ካብ መዝሙብ ኪዳን ጸረሽበራ ሰሪዙዋ። ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ብወገኑ ንሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕርቦ ዓመታዊ ጸብጻባት፡ ኤርትራ ወትሩ ብኣሉታ ከምእትጥቀስ ክገብር ጀሚሩ። ኣብ 2003 እውን ኮሚሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣመሪካ፡ ኣብ ዓመታዊ ጸብጻቡ፡ ንኤርትራ ከም "ዝሰኣነት ናጽነት ሃይማኖት" ኣሰፊሩዋ። ኣብ ለካቲት 2004 ከኣ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ብምግዛስ ሃይማኖታዊ መሰል፡ ንኤርትራ ከም "ፍልይቲ ኣሰጋኢት ሃገር" ጠቒሱ፡ ኣብ ልዕሊኣ ወተሃደራዊ እገዳ ወሲኑ።

ከም መቐጸልታ ናይዚ ተጻብኦታት'ዚ፡ ብ13 ሚያዝያ 2004፡ ኣባላት ማእከላይ ወከልቲ ስለያ ኣመሪካ፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብምውራር፡ ጠበንቓ ኣቐሚያም ገዛዚበን ሰነዳትን ዘረፍዎ። ኤርትራ፡ እቲ ተግባር ውዕል ቪየና ብምጥሓስ ዝተኻየደ ዓመጽ ምዃኑ ገሊጹ ንበረት ኤምባሲኣ ክምለሰላ እኳ እንተሓተተት፡ መንግስቲ ኣመሪካ ግን ኣይመለሶን። ኣብ ነሓሰ 2003 ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብልነት ኤርትራ ኣብ ኣጎዋ (ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ኣመሪካን ኣፍሪቃን) ኣብ ርእሲ ምሰረዙ፡ ካልእሲ ይትረፍ ኤርትራ ካብቲ ኣመሪካ ኣብ ምክልኻል ሕማም ኤይደስ ክውዕል ንኣፍሪቃ ዝመደቦ ሰብኣዊ ሓገዝ ከይወሃባ ኣብ 2007 ብወግዒ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ፡ ኤርትራ በቲ ኹሉ ምምሕዳር ኣመሪካ ዝገበሮ ዝበረ ጸቕጢን ምፍርራሕን ካብ ሕጋዊ መርገጺኣ ፈልከት ኣይበለትን። ኣብ መወዳእታ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ንመንግስቲ ጀብሂ ብምድፍፋእ ክፉብርኾ ዝሃቀነ ዘዩለ ደባዊ ሾጎር፡ ከምኡ'ውን ብጉዳይ ሶማል ኣሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝደርደሮ መርትዖ ዘይብሉ ክሲታትን ዘዩቋርጽ ናይ ጸለመ ዘመተታትን ድሜ፤ ምስዚ ካብ ሕጊ ንምህዳም ዝግበር ዝበረ ምዕልባጥ ዝተኣሳሰረ'ዩ። የግዳስ ህዝቢ ኤርትራ፡ እዚ ዝተገልጸን ዘይተገልጸን ብዙሕ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ጸጥታዊን ተጻብኦታት እንተጋጠሞ'ውን ንቕሓቱ ካብ ዓቕሚ ተጻብኦቱ ዝበረኸ ብምዃኑ፡ ብቕልዕ ወራር ይኹን ድሕሪኡ ብዘቐጸለ ዝሓሉል ተጻብኦ፡ ጀሆ ኣይተታሕዘን። ብኣንጻሩ፡ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ ርእሱ ንምኽኣል ብዘርኣዮ ህርኩትና፡ ኤርትራ ካብ መስርዕ ተመጽወትቲ ወጺኣ፡ ናጽነታን ሓራ ፖለቲካዊ መስመራን ኣውሒሳ ኑቲ ከበድን ነዊሕን ናይ ተጻብኦ እዋን ብጽንዓት ሰጊራቶ።

### እገዳ - ዓንጸ ዓንጸ ፍሽለት

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብይን 1907 ዝተሰምየ ናይ እገዳ ውሳኔ ብምሕላፍ፤ ኣብ ታሕሳስ 2011 ነዚ ውሳኔ'ዚ ዝድርዕ፡ ብብይን 2023 ዝፍለጥ ተወሳኺ ብይን ምጽዳቑ ይዝከር። እዚ ውሳኔታት እዚ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲሙ ሰም ኤርትራ እናተናኸፈ ብሕቡራት ሃገራት ዝወጽእ ዝበረ ውሳኔታት እዩ። ቅድሚ'ዚ ውሳኔታት'ዚ፡ ብዘተፈላለየ ኣገባባትን ምኽንያታትን ኣንጻር ኤርትራ ዝተኻየደ ኣጸላሚ ዘመተታት ትሕዝቶኡ ብምጽጻር፡ እዚ ውሳኔታት'ዚ ብልሳን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ይቃላሕ እምበር፡ መቐጸልታ በይናዊ ተጻብኦ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ምዃኑ፡ ንጹርን ከደናግር ዘይክእልን'ዩ። ስለምንታይ ግን ከንዲ'ዚ ተጻብኦ?

ክሳብ ናጽነት ኤርትራ 1991፡ ንኣሰታት ፍርቂ ዘመን ንኤርትራን ህዝባን ግዳይ ዝገበረ ጂኦፖለቲካዊ ስትራተጂ ኣመሪካ ንታሪኽ ጉዲፍና፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ምምሕዳራት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተጻብኢ መርገጺ ክሕዙ ዝደረኾም ረቛሒ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኩናት ዝሓንጸጽዎ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት እዩ። እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ንጸለም ኣፍሪቃ ኣብ 4 ዞባታት ብምኽፋል ጸጥታውን ቁጠባውን ረብሓታት ኣመሪካ ንምርግጋጽ ዝሓለ፡ ንሃገራት ኣፍሪቃ ብኢደ ኣዙር ናይ ምምሕዳር ስትራተጂ እዩ። ኣመሪካ ኣብ ክንዲ ንኸለን ልኡላውያን ሃገራት ይዕበያ ይንኣሳ ብምዕሩይነት ጠሚታ፡ ምስ ኩለን ዝምድናኣ ንምምዕባል እትብጽሖ፡ ምስተን ብመለክዒኣ ስትራተጂያውያን ተባሂለን ዝተሓርያ ወሰናት ሃገራት ምትእስሳር ፈጢሩ፡ ብመገድን ንኽልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ክትቈጻጸር እያ መሪጻ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ግን ብጉባኤ ክሰርሕ ዝኽእል ኣይነበረን፡ ፍሹለቱን ኣዕናዊ ወጽኢቱን ከኣ ዝያዳ ኹሉ፡ ኣብ ዞባና፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎሊሑ ተራእዩ።

ኤርትራ፡ እዚ ኣብ መልሕቓት ዝምርኩስ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ፡ ዘይቅቡዕን ንረብሓ ኣመሪካ እውን ዘየገልግልን ምዃኑ ካብ ፈለማ ትግዝዞብ እኳ እንተነበረት፡ ኣብተን ቀዳሞት ሸውዓተ ዓመታት ናጽነት፡ ምስቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝበረ ድሓን ዝምድና ተኣሳሲሩ ኣብ ርእሲኣ ቀጥታዊ ጽልዋ ኣይነበሮን። ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ድሕሪ ምእዋጃ ግን፡ ኣመሪካ ንርዓት ኢትዮጵያ ከለንተናዊ ደገፍ ብምሃባ፡ ኑቲ ብዓንተቦኡ እውን ዘይተዋሕጠላ ልኡላውነት ኤርትራ ክትቀጺ እያ ኣንቂዳ። የግዳስ እቲ ዝሰዓበ መጠነ ሰፊሕ ወራራት፡ ዝሓለፎ ሹቶ ኣይወቕዖን። ብሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕፍር ስዕረት ተኸናንቡ። ድሕሪኡ፡ ብይን ኮሚሽን ዶብ ንኣህጉራዊ ሕጊን መትከላትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ብዘእቱ መገዲ ትግባረኡ ንምዕንቃፍ ብዙሕ ምትሕልላኻት ተፈጢሩ። የግዳስ በትሪ ሓቂ ክትስበር ኣይከኣለትን። ቅልዕ ወራር ካብ ስዕረት ተኸናንቡ፡ ከም ድሌት ምምሕዳር ኣመሪካ እቲ ዝተዋህበ ብይን ክቕየር ኮነ ካብ ትግባረ ክኸናደብ ኣይከኣለን። እዚ እቲ ቀዳማይን ዓቢይን ፍሽለት ኣመሪካን መሻርኽታን እዩ።

ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ ብመገዲ ሲ.ኣይ.ኤ. ወሽጣዊ መሳርዕ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ፡ ወፍሪ ብምዕጋት ቁጠባዊ ዕብየት ኤርትራ ንምሕናቕ፡ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኤርትራ ንምሕማስ ብዙሕ ሸርሒታትን መኸተ ህዝቢ ዘጉድም ሰፊሕ ስነኣእምሮኣዊ



ዘመተን እያ ኣካዪዳ። የግዳስ እዚ'ውን ምስ ነዊሕ ፖለቲካዊ ተሞኩሮን ንቕሓትን ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሙ ኣይተዓወተን። በዚ ድማ እቲ ካልኣይ ህዝቢ ኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተሃቀነ ውጥን በኺኑ።

ኣብ መወዳእታ 2006፡ ኢትዮጵያ ብጾርኾት ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሶማል ወራር ምስ ፈጸመት፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ዞባ ክፈጥሮ ዝኽእል ዕልቕልቕን ዘይምርግጋእን ብምርዳእ፡ ኣትሪሩ'ዩ ተቓዊምዎ። ውሽጣዊ ኩነታት ሶማል ንሶማላውያን ክገደፍ ድማ ተማሕጺኑ። ምኽንያቱ ኣብ ሶማል ይኹን ኣብ ዝኾነት ሃገር ናይ ዞባ ዝፍጠር ጸገማት፡ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ብምዝራግ ንረብሓ ኩለን ሃገራት ብኣሉታ ዝጸሉ ምኽንያት ፍሉጥ እዩ፡ ዝኾነት ሃገር ድማ ትኣምነሉ መርገጺ ክትሕዝ ልኡላዊ መሰላ እዩ። ምምሕዳር ኣመሪካ ግን ነዚ ቅኑዕ መርገጺ ኤርትራ ክጻወሮ ኣይከኣለን።

ኤርትራ፡ ኣቐዲማ ከም ዝኣመተቶ፡ ድሕሪቲ ዝተኻየደ ወራር፡ ኩነታት ሶማል ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ ወዲቑ። ህዝቢ ሶማል ኑቲ ወራር ይኹን ድሕሪቲ ወራር ክልተ ሳዕ ንዝተጠፋጠፉ ማሲጋሪ መንግስታት ስለዘይተቐበሎም፡ ተቓውሞታት ዝያዳ ሰፊሑን ተበራቲዑን። ኣመሪካ መልሓቓ ኣዋፊራ ብዘወሰደቶ ህዉኽን ዘይተጸንዐን ስጉምቲ፡ ምስ ዕሰባታ ኣብ ዘይውጻእ ዓዘቕቲ ዝተናውሐ ኩናት ተሸሚማ። ድሕሪዚ ርኡይ ፍሽለት፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ክዉንነት ተቐቢሉ ጌጋኡ ኣብ ክንዲ ምእራም፡ ዓንጸ ዓንጸ ንምዝዋጽ ከምዝበሃል ፍሽለቱ ንምምኽናይ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ከም ጠንቂ ናይ ፍሽለቱ ክውንጅሎ መሪጹ። ምስ ጉዳይ ሶማል ተኣሳሲሩ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝዘበለ ክሲታት እምበኣር ካብ ፍሽለት ናይቲ መኣዝኑ ዝስሓተ ግጉይ ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመሪካ ዝበገሰ'ዩ። በዚ ኩነታት'ዚ ኣመሪካ ኣመሪካ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፈቶ ናይ እገዳ ውሳኔ ደማ መተንፈሲ ጭንቀት እምበር ዝኾነ ርትዓዊ መሰረት ኣይነበሮን።

እዚ ዱሕረዋይ ናይ እገዳ ውሳኔ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ከምዝሓለፍ ዝተገበረ፡ ውልቃዊ ተጻብኦ ኣመሪካ ከይመስል ተባሂሉ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክወሰን ዝሓተታ ብቐንዱ ሃገራት ኣፍሪቃ ምዃነን ንምምሳል ድማ ብዙሕ ድራማ ተደሪሱ። እቲ ናይ እገዳ እማመ ብዞባዊ ውድብ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን ናብ ባይቶ ጸጥታ ከምዝቐርብ ተገይሩ። እቲ ክሲታት ግን ዝኾነ ዘእምን ጭብጢን መርትዖን ኣይነበሮን። በዚ ምኽንያት ኣብ ባይቶ ጸጥታ ምስ ቀረበ፡ ተቓውሞን ሕቶታትን ከየልዕል፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ንኣባላት ባይቶ ጸጥታ ከይተረፈ ዘበረመ ሽሕጣጥን ናይ ምድንጋርን ሜላታት ክጥቀም ተራእዩ።

በቲ ውሳኔ ክውቃዕ እተደልየ ቀንዲ ዕላማታት ኣብዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ክጸሞቑ ይከኣል፡ ኑቲ ብቐጥዕ መርገጺኣ፡ ንግጉይ ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመሪካ ዝበደህ መንግስቲ ኤርትራን መራሒኡን ምስሉ ደዊንካ፡ ካብ ህዝቡ ምንጻል፤ ንኤርትራ ከም ቢጋሚንዶ ወይ ፋሉል ሃገር ኣቕሪብካ፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ብምንጻል ቁጠባዊ ልምዓታ ምሕናቕ፤ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ኑቲ ወተሃደራዊን ሕጋዊን መኸተኡ ዘይተጻዕደ ህዝቢ ኤርትራ ብድኻሙ ምቕጻዕ'ዩ። ይኹን'ምበር እዚ ናይ ቅብጸት ስጉምቲ'ዚ እውን እንተኾነ ኑቲ ክውቃዕ ዝተደልየ ዕላማ ኣየገልገለን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኡ ብዝተወሰነ እገዳ ተጨኒቑ ኣይተንበርከኸን።

ይቕጽል . . .



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# መንእሰያት ኣባላት ቤት-ዕዮ ውጽኢት ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይቲን ኣለቡ

ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት




ገለን ካብ ዝተፈላለየ ናይ ሞያ ትካላት፡ ገለን ድማ ምሩቓት ዓውዲ ሕርሻዊ ምህንድስናን መካኒካል ምህንድስናን ኮሌጃት ሃገርናየም። ኣብዚ እዋንዚ ግን ኣብ ቤት-ዕዮ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺንን ወጽኢቱን ኣለቡ ተመዲቦም፡ ኣብ ስራሕ ካብ ዝረኸብናዮም መንእሰያት እዮም። ንሶም፡ ኣባላት 30 ዘርያ መሃንድስ ፈልሞን ዑቑባየስን መሃንድስ ሊድያ ገብረስላሴን ከምኡ ድማ፡ ኣባል 26 ዘርያ መሃንድስ ሰመረ ሃይለ ካብ ኮሌጃት፡ ኣባል 34 ዘርያ መንእሰይ ፋጥና ዓብዱን ኣባል 31 ዘርያ ኣስመሮም ኣብርሃምን ድማ ካብ ናይ ሞያ ትካላት ሃገርና ዝተመረቑ እዮም። ንሓፈሻዊ ስእሊ ቤት-ዕዮ ወጽኢት ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይቲን ኣለቡ ኣመልኪቶም ዝሃቡና ርኢቶ ጸሚቒና ብኸምዚ ዝስዕብ ናጋፍኩም ኑበሎ፦

ዕላልና ምስ መሃንድስ ፈልሞን ዑቑባየስ ኢና ፈሊምናዮ። መሃንድስ ፈልሞን ኣብ ሓጋዝ ተወሊዱን ዓብዩን፡ ኣብ 2021 ካብ ብዓውዲ ሕርሻዊ ምህንድስና ካብ ኮሌጅ ሓመልማሎ ብዲፕሎም ተመሪቑ። ኣብዚ


መሃንድስ ሰመረ ሃይለ

እዋንዚ ኸኣ ኣብ ቤት-ዕዮ ኣለቡ ኣብ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺንን ወጽኢቱን ተመዲቡ ይሰርሕ ኣሎ። ፈልሞን ኣብ ኣለቡ ቀዳማይ ምምዳቡ፡ “ኣበይ ክትምደብ ትሓስብ ነይርካ? ‘ኣብዚ’ዩ ቦታ ስራሕካ’ ምስተበሃልካኸ እንታይ ስምዒት ፈጢሩልካ?” ስምዒቱን ድሌታቱን ክንፈልጥ ሕቶ ኣቕሪብናሉ።

ንሱ፡ ብዘወድኣሉ ዓውዲ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክምደብ'ዩ ነይሩ ሓሳቡ። ኣድኻ ከምዝለኣኸትካ ዘይከውን ዕዳጋ ከምዝጸንሓካ ኩይኑ ነገሩ ግን ከምቲ ዝሓሰቦ ኣይኮነሉን። መደብ ወይ ድሌት መንግስቲ ዝዛዛ ከኣሎ ተባሂሉ ኣብ ጉዕዞ ስራሕ ዝመልኮ ኣብ



መሃንድስ ፈልሞን ዑቑባየስ

ቤት-ዕዮ ኣለቡ ተመዲቡ።

ዝኾነ ሰብ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዘይፈልጦ ዓውዲ ወይ ስራሕ ክጽንበር ከሎ ዝፈጥረሉ ድንግርግር፡ ካብ ማንም ዝኸወል ኣይኮነን። ንፈልሞን ከኣ ከም'ቲ ኩሉ ሓዲሽ ሰብ ኣብ ሓዲሽ ስራሕ ክጽንበር ከሎ ዘጋጥሞ ስምዒት'ዩ ኣጋጢምዎ። ንዝተወሰኸ እዋን ድንግርግር ከምዝበሎ ድማ'ዩ ዘዕልል። ምስ ግዜ ግን ምስ መሳርሕቱ እሂን ምሂን እናተበሃሃለ ክርዕሞን ክለምዶን ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ዝሕግዞ ካልኣይ ሞያ ክድምርን ክኢሉ።

መሃንድስ ፈልሞን ኣብ ቤት-ዕዮ ኣለቡ ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ስርሓት ሓጺንን ወጽኢቱን ተመዲቡ ይሰርሕ ኣሎ። ካብ ዕማማት ሓፈሻዊ ስርሓት ወጽኢት ሓጺን ኣለቡ፡ ኣብ ሓልሓሉ ጋሕተላይ ዝርከብ ኩቡር ኮርፖረሽን ዘራእቲን ጥሪትን ማስርሕ ደንበ ዘገልግሉ ሓጻውን ካብራያታ፡ ጸገና መካይን ናውቲ መትሓዚ ጸባ ወዘተ. ኣፍርዩ ኑብ ዝጉብኦም ቦታታት የበጽሕን የጋጥምን።

ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ቤት-ዕዮ፡ ብሩህ መጻኢ ዝረኣየም መንእሰያት'የም። መንእሰይ ዝጀመሮ ስራሕ ናህሪ ወሰኽ ብዙሕ ነገር ከፍርን ራኢታቱ ክጭብጥን ምትብባዕን ሓገዝን የድልዮ። እዚ ምስ ዝኾውን ኣብ ኩሉ ጽላት መደብት ልምዓት ናይዛ ሃገር ተመዲቡ መዓልቲን ለይቲን ዝጽዕት ዘሎ መንእሰይ፡ ኣፍራይነቱ ከምዝዕዘዘ ኣየጠራጥርን።

ሰብ ኣብ ስራሕ ብሞያኡ ክምደብ እንከሎ፡ ኣፍራይነቱ ከምዝዕዘዘ ኣየጠራጥርን። ኣባል 34 ዘርያ ብዓልቲ ድርብ ሞያ መንእሰይ ፋጥና ዓብዱ፡ ኣብ ዓዲቐይሕ ተወሊዳን ዓብያን። ፋጥና፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሱ-ኪንት ዊና ናቕፋ ብዓውዲ ጽርበት ሓጺን ትምህርታ ዛዚማ፡ ካብ'ቶ ብቐጥታ ብሞያኣ ኣብ ቤት-ዕዮ ኣለቡ ተመዲባ ግቡኣ ኣብ ምፍጻም ዘለዉ መንእሰያት ሓንቲ'ያ። “ኣብዚ ትካል ምስ ተመደብኪ እንታይ መደብ ስራሕ'ዩ ተዋሂቡኪ?” ክንብል ምስ ሓተትናያ፡ “ብቐጥታ ኣብ ክፍሊ ጽርበት ሓጺን ተመዲበ ወማዓዊ ስርሐይ ድማ ብኡ ፈሊሙ። ብሞያይ ምምዳበይ ጽቡቕ ተሰሚዑኒ” ብምባል፡ ኣብዚ እዋን ዝተፈላለየ ንድፊ ብምውጻእ፡ ሓጻውን ኣብ ምቑራጽ፣ ፋግር፡ መቀያየሪ ናውቲ ተሽከርከርቲ፣ ወዘተ፡ ብዙሕ ነገራት ከምዘፍርዩ ገሊጻትልና።

ቀጺልና ዘዛረብናያ ኣባል 30 ዘርያ መሃንድስ ሊድያ ገብረስላሰ እያ። ሊድያ ኣብ ኣስመራ ተወሊዳን ዓብያን። ኣብ 2021 ድማ ብዓውዲ ምህንድስና ሕርሻ ካብ ኮሌጅ ማይነፍሒ ተመሪቓ። “ብሞያኺዶ ወይስ ካልእዮ ተባሂልኪ ኢኺ ተመዲብኪ?” ብምባል ንሊድያ ተወኪስናያ። “ካልእዮ ተባሂለ'ምበር፡ ብሞያይሲ ኣይተመደብኩን። ዝተመረቕኩሉ ዓውዲ፡ ሕርሻዊ ምህድስና ሓፈሻዊ ንጥፈታት ማስርሕ ሕርሻ ማሰኖ'ዩ። ብእኡ ክምደብ እናተጸበኹ፡ ኣብዚ ቤት-ዕዮ ኣለቡ፡ ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ወጽኢት ስርሓት ጽርበት ሓጺን ተመዲብኪ ተባሂለ እሰርሕ ኩለ ኣለኹ” ኢላ።

መሃንድስ ሊድያ፡ ዝተመረቐትሉ ዓውዲን ተመዲባ ትሰርሓሉ ዘላ ሞያን ምትእስሳር ኣይኩነን ብማዕዶ እውን ዘራኽብ ረቛሒ የብሎምን። ክልተ ሜፋት ናይ ሓደ ትርኢት እዮም። ስለዝኾኑ፡ ኣብ መጀመርታ፡ “ኣብዚ ተመዲብኪ ኣለኺ” ምስተባህለት፡ ብኣግርሞት፡ ‘እንታይ'ዩ ዝግበር ዘሎ?’ ዘይበለት ኣይኮነትን። ምኽንያቱ፡ ብዙሓ እቲ “ተመዲብክዮ ኢኺ ስርሒ ጥራይ!” ዝተባህሎቶ ስራሕ ምንም ኣፍልጦ ኣይነበራን። ክትሰርሓሉ ዝተዋደደ ማሽናት ሓያሉ ምኽንያን ከይኣክል፡ ብዙሓ ማሽን'ውን ንጥዚብ እንዶ ዘይነበራ ሊድያ፡ ብዝተመረቐትሉ ዓውዲ ኣብ ልምዓት ማሰኖ ሃገርና እጃማ ከተበርክት እናተጸበየት፡ ዘመናውያን ማሽናት ዓጢቑኪ ስርሒ ተባሂላ፡ ነገሩ ድማ ትጽብኢትን ክውንነትን ሃንበይናም ምስ ኩንኻ ‘ከኣሎ’ ትብሃል'ሞ ከይፈተኻ ትኽእሎ። ሊድያ፡ ምስ ሓደሽ ስራሕ ክትላለ ንዘይትፈልጦ ሞያ ክትክእል ተመዲባ፡ ኣብዚ እዋን ኩይና ክትዝክሮ፡ ብዙሕ ተሰሚዕዋ፡ ክትቅብሎ ነዊሕ ወሲዱላ። ክትለማመዶ እውን ከምኡ ብዙሕ ጸዓራ። ልዑል ምትብባዕ መሳርሕታ ግዳ ኣይተፈለያን። ዘይልመድ የለን ዝተዋህባ ብማሽናት ዝስራሕ ዕማም ለሚዳቶ። ኣብዚ እዋንዚ ድማ ኣብ'ቲ ቤት-ዕዮ ካብ ዘለዉ ብበቕዓቶም ‘ጎርዓ’ ተባሂሎም ብኣበት ካብ ዝጥቀሱ ሓንቲ እያ።

ዕማም ቤት-ዕዮ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይቲን ኣለቡ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ሰፊሕን ገፊሕን እዩ። ኣብቲ ቦታ ተደኪና ዝኾነ ፋብሪካ ዘይቲ ዘድልዩ ናውቲ ምድላው፣ ምጽጋን ኣብ ፋብሪካ ሳልሳ ንዚጋጥም ብልሽትን ሞዴፊኪሪ ኣብ ዘድልየሉ ድማ ምስናዕ፡ ካብ ዓበይቲ ዕማማት ክፍሊ ጽርበት ሓጺንን ወጽኢቱን ቤት-ዕዮ ኣለቡ እዮም። ቡዩም ዚ ዝሕግዙን ዝኾነ ንድፌ ኣብ ምድላው ዘይጸገሙን ምኩራት መሃንድሳት ኣባላት ናይ'ቲ ቤት-ዕዮ እናተኣለየ ድማ ሰፊሕ ዕለታዊ ንጥፈታቱ የካይድ። ወደም ኣሎም ኣባላት ናይ'ቲ ትካል፡ ኑሓድሕዶም ዝቦለጽ ሞራልን ንሕን ዘለዎም፣ ክንጉበር በሃልቲ ኣዝዮም ትገሃትን ንፉዓትን'የም። ስለዝኾኑ ድማ በኹሩ ዝተርፍ ዕማም የለን።

ኣፍራይነት ክዕዘዝ ዝኾነ ሰራሕተኛኡ ድማ፡ ብዙሓ'ቲ ቤት-ዕዮን ዓጢቑዎን ዘሎ ማሽናትን እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ ምጽዓር ሓደ ካብ ዕላማታት ቤት-ዕዮ ኣለቡ እዩ። ክንብ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ስራሕ፡ እቲ ዕላማ ይጭብጦ ምህላዉ'ዩ ዘሀድድ።

መሃንድስ ሰመረ ሃይለ፡ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱን ዓብዩን፡ ብዓውዲ መካኒክ ምህንድስና ካብ ኮሌጅ ማይነፍሒ ተመሪቑ። መሃንድስ ሰመረ፡ ፈለማ ኣብ ቤት-ዕዮ ወጽኢት ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይቲን ኣለቡ ኣብ ዝተመደበሉ፡ ኣብ ናይ ፈለማ ተመክሮኡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ቤት ጽሕፈታት ናይቲ ቤት-ዕዮ እንሓንሳብ ፕሮሰስ፡ እንሓንሳብ ንሓያሲ ዝምደቡ ኣባላት ስልጠና ምሃብ ወዘተ. ብርክት ኣብ ዝበሉ ንጥፈታት ተመዲቡ ሰሪሑ። ብመሰረት መግለጺኡ፡ ኣብቲ ትካል ዝምደብ ሓዲሽ ሰብ ስራሕ ቀዳማይ ምጅማሩ፡ ብዙሓ ንሕጋጋትን መምርሒታትን ናይ'ቲ ቤት ዕዮን ዝጥቀሞ ማሽናትን ኣስተምህሮ ይወሃብ። ቀጺሉ ብዙሓ ስራሕን ኣሰራርሓን ናይቲ ትካል ዝኣክል መብርሂ ምስተዋህበ ዝተረፈ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ክቕስሞ ኣብ ስራሕ ይዋፈር።

ኩነታት ኣየር ኣለቡ ምዉቕ እዩ። ስለዝኾነ ኣብቲ ቦታ ዝተመደበ ሰብ ንኸሉ ባህሪ ናይ'ቲ ከባቢ ተጻዊሩን ተላቢሱን ክየመኽኽ ዕማማቱ ዘሰላስል ክኸውን ኣለዎ። መሃንድስ ሰመረ ድማ ፈለማ ኣብቲ ቦታ ኣብ ዝተመደበሉ፡ ኩነታት ኣየር ናይቲ ከባቢ ምዉቕ፣ ኣብ ርእሱ ድማ ድላይካ ሓብሬታ ዘይትረኽበሉ ምስ ምኳኑ፡ ንዕኡ ኣዝዩ በዳሂ ምንባሩ ኣይከሓደን። ኣብ ርእሲኡ ጸገም ናይ ጥዕና ኣጋጢምዎ ይሽገር ምንባሩ ኣይረስዖን። እንተ ብዙሓ'ቲ ሓለፌ ናይቲ ቤት-ዕዮ ዝነበረ ከም ኣቦ ኩይኑ ዝተቐበሎ ኣቶ መሓሪ ስብሃቱ ነቲ ቦታ ቀልጢፉ ክለምዶን ንጡፍ ሰራሕተኛ ክኸውንን ከምዝሓገዞ የዘንቱ።

መሃንድስ ሰመረ፡ ድላይካ ንድፌ ሂብካያ፡ ዝደለኻዮ ቅርጺ ቀረጻ እትቕርብ ዘመናዊት ቀራጺት ሓጺን ማሽን ሓዚ'ዩ ጸኒሑና። እታ ማሽን ቀዳሚ ሕጂ ኣብቲ ቤት-ዕዮ ኣብ ማንዋል ተመርኩሱ ዝቶፍድ ዝነበረ ኣሰራርሓ ስርሓት ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይቲን፡ ናብ ዲጂታላዊ ኣሰራርሓ ንምቕያርን ብኡ ኣቢልካ ድማ ፍርያት ናይ'ቲ ቤት-ዕዮ ብዓይነትን ብብዝሒን ዝተዓጸጸ ኣስተዋጽኦ ንምግባርን ዝኣተወት'ያ። ምስ ምትካል ፋብሪካ ዘይቲ ኣብ ኣለቡ ድማ እታ ማሽን ስምስምን ማእረን ዝፈሊ መንፊት፡ መሰፈል ክጡላን ዝቕረብ ስምስም ወዘተ. ዘድልዩ ሓደ-ሓደ ናውቲ ኣብ ምምላእ ኣበርክቶኣ ዕዙዝ ምኻኑ ይሕብር።

ኣስመሮም ኣብርሃም፡ ኣብ ማሞስ ብሞያ ሓፈሻዊ ጽርበት ዕንጸይቲ ኣብ 2020 ድሕሪ ምምራቑ ብቐጥታ ኣብ ገርሰት (ሕርሻዊ ጉዳያት) ተመዲቡ፡ ኣብኡ ድማ ሓደ ዓመትን ሰለስተ ወርሒን ኣገልጊሉ። ቀጺሉ፡ ናብ ቤት-ዕዮ ጽርበት ዕንጸይቲን ሓጺንን ኣለቡ ተቐይሩ። የግዳ ኣስመሮም ናብ ኣለቡ ኣብ ዝተቐየረሉ፡ ዝዓበየ ኣድህቦ ናይ'ቲ ቤት-ዕዮ ኣብ ጽርበት ሓጺን'ምበር፡ ኣብ ጽርበት ዕንጸይቲ ክንድቲ ኣይነበረን። ስለ ዝኾነ፡ መንእሰይ ኣብርሃም፡ ብዘተመረቐሉ ዓውዲ ዘይኮነ፡ ኣብ ክፍሊ ጽርበት ሓጺንን ወጽኢቱን - ኣብ ስርሓት ባትላማሪ'ዩ ተመዲቡ። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ሰሪሑ ኣሎ። ንዝነበሮ ሓንቲ ሞያ ካልኣይቲ ሞያ ወሲኹ፡ ኣብ ዝተመደቦ ዕዮ ኹና ብንጥፈት ይዋሳእ ኣሎ።

ንመግለጺ እዞም ዘዘራረብናዮም መንእሰያት ምርካስ ብምግባር፡ ኣብ ቤት-ዕዮ ኣለቡ ናይ ኣስታት 15 ዓመት ተመኩሮን ግድምናን ስራሕ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ኣለዉ። ኩሉ ንጥፈታት ናይ'ቲ ቤት-ዕዮ ብጋንታዊ ስራሕ'ዩ ዝዕመም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ካብ ቃላት ናይ'ቶም መንእሰያት ከምዝተረዳእናዮ፡ መጻኢ መደባት ናይ'ቲ ቤት-ዕዮ፡ ኣብዝም ኣብዚ እዋን ዓጢቑዎም ዘሎ ማሽናት ተደሪቱ ደው ዝብል ኣይኮነን። ንጽገና፡ መቀያየሪ ናውቲን ንደንበ ኩቡት ዘገልግልን ዝኣመሳስሉን ናውቲ ካብ ምፍራይን ጸገና ካብ ስራሕ ደው ዝበላ መካይን ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ከም ዝውዕላ ካብ ምግባርን ወጻኢ፡ ዝማዕበላ ማሽናት ዓጢቑ


መንእሰይ ኣስመሮም ኣብርሃም

ሃገር እትጠልቦ ደርማስ ምህርቲ ንምፍራይ መደብ ከምዘለዎ ድማ ተረዲእና።

ኣብ ስራሕ፡ ኣፍራይነት ክዕዘዝ፡ ተራ ወይ ግደ ህርኩታት ሰራሕተኛታት ኣብ ቀዳማይቲ ደረጃ ይስራዕ። ወህደት ኣብ መንጎ ኣባላት ክድመሮ ከሎ ድማ፡ ብሉጽ ስራሕ ክስራሕን ከም ውጽኢቱ ብሉጽ ምህርቲ ክሕፈስን የኽእል። እዚ ኩሉ ተደሚሩ፡ ልምዓት ሃገር ኣብ ምዕዋት ዝወፍድ ወፍሪ ስሉጥ፣ መጎብርዖ ሕብረተሰብ ዘረጋግጹን ዘመሓይሽን እዩ ዝኾውን።

ብወገና፡ ኣባላት ቤት-ዕዮ ኣለቡ፡


መሃንድስ ሊድያ ገብረስላሴ

መዓልቲን ለይቲን ከይባሉ ኣብ'ቲ ምዉቕ ቦታ ዕረፍቲ ከየቋመቱ ተደፊኦም ዝሰርሑ መንእሰያት፡ ምስጋና ዘይግብኦም ኣይኮኑን ንብል። ዝያዳ ክጽዕሩ ኸኣ ኣጆኹም ምባል ንኣፍራይነት ዝደፍእ ስለዝኾነ ሞራል ምሃብዎም።


መንእሰይ ፋጥና ዓብዱ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ ተቐዳደምትና

ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን ናህም ዘርኣይን ምስ ክለቦቶም ብምኳን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ዙር ኣልፕስ ትማሊ ሳልሳይ መድረኹ ኣሰላሲሉ።

ዝ. 145.5 ኪሎሜተር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ኢጣልያዊ ተቐዳዳማይ ክለብ እስራኤል ፕረሚር ተክ - ማርኮ ፍሪጎ ብ3 ሰዓት፡ 47 ደቒቕን 10 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። 19 ካልኢት ድሒራ ካብ ዝመጸት ጉጅለ ደማ፡ ጃይ ሂንድሊይ ካብ ቦራ ሃንስግሮብ፡ ንተቐዳዳማይ ክለብ እስራኤል - ደረክ ጊ በሊጹ ካልኣይ ኣትዩ።

ምስ ክለብ ጀይሲኤል ዘሎ ናህም፡ 5 ደቒቕን 44 ካልኢትን ድሒሩ መበል 42 ደረጃ ኣትዩ። ኣብ ዓወት ደቂ ጋንታኡ ልዑል ተራ ዝጻወት ኣባል ሊድል ትረክ - ኣማኑኤል ድማ፡ 14 ደቒቕን 1 ካልኢትን ድሒሩ መበል 78 ኣትዩ።

ዝ. ውድድር፡ ብጀሚ - ሚካኤል ስቶረር ብ12 ሰዓት፡ 29 ደቒቕን 31 ካልኢትን ይመርሖ፣ ንኣማኑኤል ወዲ ጋንታ ዝኾነ ኢጣልያዊ ጉሊዮ ቺኮ፡ 41 ካልኢት ድሒሩ ይስዕቦ። ቺኮ፡ ብ39 ነጥቢ፡ ንወዲ ሃገሩ ማርኮ ብኣርባዕተ ነጥቢ በሊጹ ናይ ሸኻ ማልያ ለቢሰዋ ኣሎ።

ንማልያ ኣንበሳ ዓቕሚ፡ ተቐዳዳማይ ባሕሬን - ፊንላይ ብ24 ነጥቢ ለቢሰዋ ኣሎ። ንናይ መንእሰያት ማልያ ለቢሰዋ ዘሎ ማርኮ፡ ብ16 ነጥቢ ይስዕቦ። ኣማኑኤል፡ ክልተ ነጥቢ ኣኪቡ ይርከብ።

እዚ ኣብ ኢጣልያ ንመበል 48 ግዜኡ ዝሰላሰል ዘሎ ውድድር፡ ሎሚ ኣብ ራብዓይ መድረኽ 162.7 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ፣ ጽባሕ ደማ ክዛዘም እዩ። ጽቡቕ ዕድል!

## ፖጋቻ ናብ ዓወት ተመሊሱ

ናይዚ እዋን ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ዓለም ምኳኑ ዝእመነሉ - ታደይ ፖጋቻ፡ ትማሊ ኣብ ቤልጅዩም ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ቀዳማይ ኣትዩ።

እዚ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት ዝኾነ 'ላ ፍሌቸ ዋሎን'፡ ትማሊ'ዩ ንመበል 89 ግዜኡ ተሰላሲሉ። 205.1 ኪሎሜተር ደማ ሸፊኑ።

ኣብዚ ጸወታ፡ ቀንዲ መወዳደርቲ ፖጋቻ ክኸውን ተጸቢዩ ዝነበረ፡ ቤልጅዩማዊ - ረምኮ ኢቨነፖል እዩ። ኣብ ሃገሩ ዝጻወት ዝነበረ ኢቨነፖል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሆላንድ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ድሕሪ ዕወት ማቲያስን ታደይን ሳልሳይ እዩ ኣትዩ ነይሩ።

ትማሊ ግና፡ ረምኮ፡ ኣብታ ኣብ መዛዘሚ ዝነበረት 1.3 ኪሎሜተርን 9.7 ሚእታዊት መጠን ምንቅዕራርን ዝነበራ ዓቐብ፡ ንመጥቃዕቲ ታደይ ዝኸውን መልሲ ኣይነበሮን - ክጻወሮ ብዘይምኽኣሉ ዘልሓጥ ኢሉ። ታደይ፡ 300 ሜተር ምስ ተረፎ ብዘዕበዮ መጥቃዕቲ ደማ፡ ብ4 ሰዓት፡ 40 ደቒቕን 15 ካልኢትን ተዓዊቱ። እዚ ስሎቬንያዊ ኣባል ዩኤኢ ኢማረትስ ኣብ 2023 ዝ. ውድድር ተዓዊቱሉ ነይሩ እዩ፣ ብሓፈሻ፡ 94 ናይ ፕሮፈሽናል ዓወት ደማ ኣመዝጊቡ።

ተቐዳዳማይ ኣርኪያ - ከቨን ቫኩሊን፡ 10 ካልኢት ተፈንቲቱ ካልኣይ፡ ኣባል ከው 36.5 ቶማስ ፒደኮክ ደማ፡ 12 ካልኢት ድሒሩ ሳልሳይ ኣትዩ። ረምኮ፡ 16 ካልኢት ድሒሩ ታሽዓይ ኣትዩ።



ታደይ ፖጋቻ

## ቪንሰየስ፡ ናይ ክልተ ዓመታት መቕጻዕቲ . . .

ብሉጽ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ቪንሸየስ ጁንየር፡ ንክልተ ዓመታት ካብ ጸወታ ዝርሕቖ መቕጻዕቲ ኪጋጥሞ ከም ዝኽእል ተገሊጹ - ሓደ ካብ ሕግታት ፊፋ ምጥሓሱ እንተተረጋጊጹ።

ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም ሓደ ዝኾነ - ቪንሸየስ፡ ኣብ ሪያል ማድሪድ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎ ተጻዋታይ እዩ። ኣብ 2018 ናብዛ ጋንታ ካብ ዝጽምበር ንደሓር፡ ክልተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግን ሰለስተ ናይ ላ'ሊጋን ዝርከብዎም ዛጊት 14 ዓበይቲ ጽዋኣት ከዕትር እዩ።

እንተኾነ፡ ካብዚ ክኢላ ተጻዋታይ ልዑል ኣበርክቶ እትረክብ ሪያል ማድሪድ፡ ብዘይብኡ ክትጻወት ተኽእሎ ከም ዘሎ ይግለጽ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ሓደ ካብ ሕግታት ፊፋ ጥሒሱ ከይከውን መርመራ ዝግበረሉ ዘሎ እዚ ብራዚላዊ፡ ናይ ክልተ ዓመታት መቕጻዕቲ ክገጥሞ ይኽእል እዩ።

ብመሰረት ናይ እስጳኛ ምንጪታት፡ እዚ ተጻዋታይ፡ ቡቲ ኣቦኡን ወኪሉን ዝመሓደርዎ ካምፓኒ ኣብሉ፡ ገለ ፕሮፈሽናል ክለባት ወኒኑ ምህላዉ ተኸሲሱ ኣሎ። እዚ ሓቂ ኮይኑ ምስ ዝርከብ ደማ፡ ሕጊ ፊፋ ጥሒሱካ ተባሂሉ፡ ክሳዕ ክልተ ዓመታት ዝጸንሐ እገዳ ክበየሉ እዩ።

ብመሰረት ሕጊ ፊፋ፡ ዝኾነ ኣብ ንጡፍ ጸወታ ዘሎ ተጻዋታይ፡ ብቐጥታ ኮነ ብዘይቀጥታ ፕሮፈሽናል ጋንታ ክውንን ክልኩል እዩ። ወዲ 24 ዓመት - ቪንሸየስ ደማ፡ ብመገዲ 'ኦል ኣገንሲያመንቶ ስፖርቲቮ' ዝተባህለ ካምፓኒ ኣብሉ፡ ገለ ክለባት ወኒኑ ምህላዉ እዩ ተኸሲሱ ዘሎ።



## ራሽፎርድ፡ ዳግማይ ናብ ማን ዩናይትድ ክምለስ ዘሎ ተኽእሎ . . .

ማርከስ ራሽፎርድ፡ ኣብ ትሕቲ ዓሰልጣኒ ሩበን ኣሞሪም ዳግማይ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ክጻወት ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ኮይኑ ከም ዘሎ፡ እንተኾነ ብዙሓት መጻኢኡ ውሳኔ ክሀብ ከምዘይከኣል ተገሊጹ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት ካብ ማን ዩናይትድ ናብ ኣስቶን ቪላ ብልቓሕ ዝተሰጋገረ - ራሽፎርድ፡ ኣብዛ ጋንታ መሳጢ ምንቅስቓስ ኣብ ምርኣይ ይርከብ። ሰለስ ምሸት ብማን ሲቲ 2-1 ኣብ ዝተሰዓረሉ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ደማ፡ ራብዐይቲ ሸቶ ብማልያ እዛ ጋንታ ኣመዝጊቡ።

ማርከስ፡ ኣብ ቪላ ፓርክ ዘጸንሖ ናይ ልቓሕ ውዕል፡ ኣብ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ኪበቅዕ እዩ። ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ዘለዎ ውዕል ደማ፡ ኣብ ሰነ 2028 እዩ ዝውዳእ።

ይኹን እምበር፡ ወላ'ኳ ነዊሕ ተረፍ ውዕል እንተሃለዎ፡ እዚ እንግሊዛዊ ዳግማይ ናብ ዩናይትድ ተመሊሱ ክጻወት ኣይግመትን - ብመሰረት ናይ ቀረባ ወገናት።

ራሽፎርድ፡ ብኣሰልጣኒኡ ኣሞሪም፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ እዩ ካብ ቀዳመይቲ ጋንታ ተኣልዩ። ወላ'ኳ ኣብ 30 ታሕሳስ ኣብ ሜዳኦም ብኒውካስል ኣብ ዝተሰዓሩሉ ጸወታ ናብ ቀዳመይቲ ጋንታ እንተተመልሰ፡ ከይተሰለፈ እዩ ግና ዛዚምዋ። ዳግማይ ከይተሰለፈ ደማ፡ ኣብ 2 ለካቲት ብልቓሕ ናብ ቪላ ተሰጋጊሩ። እንተደልዩቶ ብ40 ሚልዮን ፓውንድ ብቐዋሚ ክተፈርሞ ዘኽእላ ውዕል'ውን ኣለዋ።

ምስ ኣሞሪም ተቐሓሒሩ ከም ዝወጸ ዝግለጽ - ራሽፎርድ፡ ዛጊት ብዛዕባ መጻኢኡ ኣይተዛረበን፣ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ ሰነ ክዛረብ መደብ ከም ዘይብሉ'ውን ይሕበር። ዝመጽእ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘእትዋ ደረጃ ምስ ዝሓዛ ክለብ ክጸምበር ግና ድሌቱ እዩ።

መጻኢ ናይዚ ተጻዋታይ ኣብ ጠልጠል ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ክልተኣን ክለባት - ማን ዩናይትድን ኣስቶን ቪላን'ውን - ዛጊት ዘጽደቓኦ ነገር የለን። ዩናይትድ፡ ብቐዋሚ ክትሸጦ ወይ ንኻልኣይ ግዜ ብልቓሕ ክተሰጋግሮ፣ ቪላ ድማ ቀዋሚ ኣባል ክትገብሮ ንምውሳን ግዜ ይጸበየን ኣለዋ። ኩሉ ግና፡ ኣብ ድሌት እታ ብውዕል እትቕይዶ ማንቸስተራዊት ክለብ እዩ ዝምርኮስ።

ካብ ወርሒ ሕዳር 2024 ንዩናይትድ ክዕልማ ዝጀመረ - ኣሞሪም፡ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ንዘጥቀመሉ ስልቲ ጸወታ ዝሰማምዑ ተጻወትቲ ብምምጻእ ነዛ ጋንታ ዳግማይ ክሃንጻ ሓሰቡ ምህላዉ ይግለጽ። እዚ ክኸውን እንተኾይኑ ከኣ፡ ኣብ ዕዳጋ ልዑል መኽሰብ ዘርክቦም ተጻወትቲ ክሸይጥ ኣለዎ፣ ሓደ ካብኦም ራሽፎርድ እዩ። ብዓብኡ መሃያኡ ልዑል ብምኳኑ፡ ምውጻኡ ሓጋዚ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ካብ ዝሓለፉ መዓልታት ጀሚሩ 'ዩናይትድ፡ ንኣጥቃዓይ ክሪስታል ፓላስ ንምውናን ብራሽፎርድ ክትቀያየሮ ትሓስብ ኣላ' ዝብል ዜና፡ እቲ ተጻዋታይ ከምዘይቕበሎ ይሕበር።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ኣብ ዩናይትድ ዘይማእምኦ ኣብ ቪላ ግና ቁመናኡ ኣመሓይሹ ዘሎ ራሽፎርድ፡ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ጸውዒት ሃገራዊት ጋንታኡ እንግሊዝ ረኺቡ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ከም ዝተሰለፈ ይዝከር። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ክጻወት (እንግሊዝ ካብ መጸረዩ ምስ እትሓልፍ) ልዑል ድሌት ስለዘለዎ ደማ፡ ዝ. ሕዚ ዘሎ ቁመና ዝያዳ እተሐይለሉ ክለብ እዩ ክናዲ። ድሮ ስሙ'ውን ምስ ቸልሲ፡ ባርሴሎናን ባየር ሙኒክን ተኣሳሲሩ ይለዓል ብምህላዉ፡ ናይ ዝመጽእ ዓመት ክለቡ ንምፍላጥ ወሰናት ኣዋርሕ ክጽበ እዩ።



## "ኣሰልጣኒ ክኸውን'የ ዝደሊ." ኢኔስታ

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ክለብ ባርሴሎና - ኣንድረስ ኢኔስታ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ኣሰልጣኒ ክኸውን ከም ዝደሊ ገሊጹ።

ኢኔስታ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ጥቅምቲ ካብ ኢማራትስ ዝተባህለት ናይ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ክለብ ተፋኒዩ፡ ጫማኡ ምስቃሉ ይዝከር።

እዚ ናይ ቀደም ብሉጽ ኣኸፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ፡ "ግዜ ኣለኒ፣ ግና ኣብቲ ናይ መጀመርያ መድረኽ እየ ዘለኹ፣ እንተኾነ፡ ኣሰልጣኒ ናይ ምኳን ሓሳብ ፈቲየዮ ኣለኹ፡" ክብል፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብ ዝተሓተተሉ መሊሱ።

ኢኔስታ፡ ዝበዝሐን ዝበለጸን ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ባርሴሎና እዩ ኣሕሊፉዎ - ካብ 2002 ክሳብ 2018። ቅድሚ ኣብ 2023 ናብ ኢማራት ምስጋሩ ድማ፡ ካብ 2018 ጀሚሩ ንጃፓናዊት ክለብ ቪሰል ኮብ ተሰሊፉ።



## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ኣከፋፋሊ ኣርሰናል - ጆርጂንዮ፡ ዝመጽእ ዘሎ ክረምቲ ውዕሉ ዛዚሙ ብናጻ ካብዛ ክለብ ክፋኖ ትጸቢት ከም ዝተገበረሉ ተሓቢሩ።

* ሰዑዳዊት ክለብ ኣል-ሂላል፡ ንተጻዋታይ ባርሴሎና - ራፊንያ ንምዕዳግ ጠለብ ኣቕሪባ። ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ንኢይማር ዘፋነወት እዛ ጋንታ፡ መስመር መጥቃዕታ ንምሕላው፡ ኢያ ንኢይማር ወዲ ሃገሩ ራፊንያ ብልዑል መጠን ገንዘብ ተጣይቓቶ ዘላ።

* ኣከፋፋሊ ላዚዮ - ማቲዮ ጉንዶዚ፡ ኣብ ራዳር ኒውካስል ኣትዩ ኣሎ - ብመሰረት ጸብጻባት። እዚ ኢጣልያዊ ተጻዋታይ፡ በዚ ዝናፈስ ዘሎ ወረ፡ ዳግማይ ኣብ ፕሪመር ሊግ ናይ ምጽዋት ዕድል ክህልዎ እዩ - ምስ ዝሰጋገር። ጉንዶዚ፡ ተጻዋታይ ኣርሰናል ምንባሩ ይዝከር።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'

ቀይሕ ባሕሪ - ኣስመራ በራ 10:00 ቅ.ቀ

ፓራዲዞ - ኣዱሊስ 12:00 ድ.ቀ

ክንፈ - ኩባንያ ሰምባል 2:00 ድ.ቀ

ኣልታሕረር - ጎዳይፍ 4:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## መራሕቲ ሩስያን ደቡብ ኣፍሪቃን ተዘራሪቦም

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሪል ራማፎሳን፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዘሎ ምትሕብባር ንምሕያልን ኣናት ዩክሬን ዘብቅዓሉ መንገዲ ንምንዳይን ዝዓለመ ናይ ቴለፎን ዝርርብ ዝሓለፈ ሰሉይ ከም ዘካየዱ፡ ማዕከን ዜና ክረምሊን ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ማዕከን ዜና፡ ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብፍላይ ድማ ኣብ ንግዲ፡ ቁጠባን ወፍርን ዘለወን ሽርክነት ንምስፋሕ'ውን እቶም መራሕቲ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሞስኮ ኣብ ዩክሬን ንእተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንኽትኩንን ሃገራት ምዕራብ ጸቕጢ ክገብራላ'ኳ እንተ ጸንሓ፡ እታ ሃገር ኣብቲ ጉዳይ ዘይሻራዊ መርገጺ ሒዛ ክትቅጽል ምዃና ይፍለጥ።

ኣብ ሰነ 2023፡ ፕረዚደንት ራማፎሳ ንልኡኽ መራሕቲ ኣፍሪቃ መሪሑ ናብ



ፈደረሽን ሩስያን ዩክሬንን ብምኻድ፡ ክልቲኦም ወገናት ተኾሲ ደው ከብሉ ጸዊዑ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

ሞስኮ፡ ነቲ በቲ ልኡኽ ዝቐረበ ዓሰርተ ነጥብታት ዝሓዘ ውጥን ሰላም ክትግምግሞ ምኻኖ'ኳ እንተ ገለጸት፡ ኪየቭ ግን ሩስያ ካብ ኩሎም'ቶም ዩክሬን ናተይ እትብሎም ግዝኣታት ብዘይ ቅድመ ኩነት ክትወጽእ ንዝጠልብ ስምምዕ ጥራይ ከም ትቕበል ብምሕባር ተቓዊሞኦ ኣሎሚዕ እያ።

ዝሓለፈ ሰሙን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ደቡብ ኣፍሪቃ ሮናልድ ላሞላ ንመራኸቢ ብዙሓን ፌደረሽን ሩስያ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኩናት ዩክሬንን ፌደረሽን ሩስያን ብዘይ ቀጥታዊ ተሳትፎ ፌደረሽን ሩስያ ክፍታሕ ከም ዘይክእል ገሊጹ ነይሩ።

## “ስርዓተ-ቁጠባ ዓለም ብስጉምቲ ትራምፕ ይጽሎ ኣሎ” ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ


ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ናብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዝኣትዉ ዝተፈላለዩ ፍርያት ዝሃቦ ዘሎ ናይ ቀረጽ ወሰኽ፡ ኣብ ስርዓት ቁጠባ ዓለም መሰረታዊ ለውጢ ይገብር ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ብዛዕባ ዕብየት ቁጠባ ዓለም ብቑጻሊ ክህቦ ዝጸንሐ ትንበያታት ከም ዘቃረጸ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ዳግማይ ናብ ስልጣን ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ሰፊ ዘይብል ቀረጽ ብምስላዑ፡ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ኣመሪካን እተን ሃገራትን ፈጢሩዎ ዘሎ ከቢድ ማሕንቖ፡ ኣብ ቁጠባ ዓለም ዘይርገእነት ኣኸቲሉ ይርከብ።

ዋና ክኢላ ስነ-ቁጠባ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ - ፒየር ኦሊቨር ጎሪንቻስ፡ መብዛሕትአን ሃገራት ንዝሓለፉ 80 ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሓ ሕጊ ስርዓት ቁጠባ ዓለም፡ ብሰንኪ እቲ ሓድሽ ወሰኽ ቀረጽ ብደሆ ገጢምዎ ብምህላዉ፡ ዓለም ናብ ሓድሽ ቁጠባዊ ስርዓት ክትኣቱ ከም እትኽእል ኣሚቱ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሃንደበታዊ ወሰኽ ቀረጽን ሰፊሕ ዘይርገጽነት ፖሊሲን ንዕብየት ቁጠባ ዓለም ከዝሕትሎ ከምዝኽእል ድማ ገሊጹ።

ዕብየት ቁጠባ ናይ'ተን ቀንዲ መሻርኽቲ ንግዲ ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት (ሜክሲኮ፡ ካናዳ፡ ቻይናን ሕብረት ኤውሮጳን) ክዝሕትል ትጽቢት ከም ዘሎ፡ እቲ ኣህጉራዊ ትካል ሓቢሩ።



## ቻይና፡ ብምፍርራሕ ኣመሪካ ንግዳዊ ርክብ ንዘቋርጻ ሃገራት ኣጠንቂቓ

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ካብ ኣመሪካ ናይ ቀረጽ ሕድገት ወይ ምንካይ ክግበረለን ብምባል፡ ምስ ቻይና ከካይድኦ ንዝጸንሓ ንግዳዊ ሽርክነት ክድርታ ኣብ ልዕሊ ዝሓስባ ሃገራት ሕነ ክትፈዲ ምዃና ኣጠንቂቓ።

ቻይና ኣዚ ተጠንቕቕ ዘሎ፡ ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ፡ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዝኣትዉ ፍርያተን ቀረጽ ተኣቢሩለን ዘለዋ ሃገራት፡ ምስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ዘጽንሐን ንግዳዊ ሽርክነት ክድርታ ጸቕጢ ክገብረለን መደብ ከም ዘለዎ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ሚኒስትሪ ንግዲ ቻይና፡ ሃገሩ ብዋጋ ረብሓታታ ምስ ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ስምምዕ ንእትበጽሕ ዝኾነት ሃገር ብትሪ ከም እትቃወም ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዋላ'ኳ ነቲ ኣብ ፍርያት ዝተፈላለያ ሃገራት ኣጽዲቕዎ ዝጸንሐ ወሰኽ ቀረጽ ን3 ኣዋርሕ ደው እንተበሎ፡ ካብ ሪፓብሊክ ቻይና ናብ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ዝኣትዉ ንግዳዊ ፍርያት ሰለዑዎ ዝጸንሐ መጠን ቀረጽ ግን ናብ 145 ሚእታዊት ክብ ብምባሉ፡ ነቲ ኣብ መንጎ እዘን ሃገራት ዝጸንሐ ንግዳዊ ዘይምቅዳው መለሱ ኣሻሕኪርዎ ይርከብ።

ትራምፕ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ልዕሊ'ተን ምስ ቻይና ንግዳዊ ልውውጥ ዝገብራ ሃገራት ጸቕጢ ክገብር ምኻኑ ብወግዒ እንተ ዘይገለጸ፡ ነቲ ሓሳብ ክፉት ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ኣሚቱ ኣሎ።

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ንግዳዊ ወጥሪ ካብ ዝጋደድ ንደሓር፡ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘለዋ ርክብ ንምሕያል ትሰርሕ ምህላዋ ይፍለጥ።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ ኣብ ቬትናም፡ ማለዥያን ካምቦድያን ኣብ ዘካየዶ ዑደት፡ ኣብ ቁጠባዊ ምትሕብባር መሰረት ዝገበረ ክልተኣዊ ስምምዓት ብምኽታም፡ ሃገሩ ንኣጻን ክፉትን ንግዳዊ ሽርክነት ቀሪባቲ ምዃና ኣረጋጊጹ ምንባሩ ይዝከር።



## ህንዲ - በጻሕቲ ብዕጡቓት ተቐቲሎም

ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ኣብ ህንዲ - ግዝኣት ጃሙን ካሽሚርን ንበጻሕቲ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ብረት ብምፍጻሙ፡ ብውሕዱ 26 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት 17 ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ማዕከናት ዜና ንጸብጻብ ፖሊስ ህንዲ ብምጥቃስ ሓቢረን።

ምስቲ ኣብ ፓኪስታን ዝመደበሩ ‘ላሽካር-ኢ-ታይባ’ ዝተባህለ ጥሩፍ ጉጅለ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝእመን ብ‘ግንባር ተቓውሞ’ ዝፍለጥ ግብረሽበራዊ ጉጅለ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ወሲዱሉ ኣሎ።

ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ኣርባዕተ ዕጡቓት፡ ኣቐዲሞም መንነትን ሃይማኖትን ግዳያት ከም ዝሓተቱ፡ ማዕከናት ዜና ህንዲ ገሊጸን።

ኣብ ስዑዲ ዓረብ ወግዓዊ ዑደት ዘካይድ ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ‘ኤክስ’ ኣብ ዘስፈሮ ሓበሬታ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሰባት ናብ ፍርዲ ቀሪቦም ግቡእ መቕጻዕቶም ክቕበሉ ምዃኖም ድሕሪ ምግላጹ፡ ሃገሩ ንሽበራ ንምምካት ዘለዋ ቆራጽነት ዘይንቕነቕን ዝያዳ ድማ ክሕይልን ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ብመሰረት ምንጪታት መንግስቲ ህንዲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዘካይዶ ዘሎ ዑደት ብኣግባቡ ኣቋሪጹ ናብ ህንዲ ክምለስ እዩ።

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ንመንግስቲ ህንዲ ጸንዓት ይሃብኩም ድሕሪ ምባል፡ ሃገሩ ኣብ መኸተ ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ግብረሽበራ ምስ ህንዲ ዘለዋ ምትሕብባር ንምሕያል ድልውቲ ምህላዋ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ካሽሚር፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ መንጎ ህንድን ፓኪስታንን ምንጪ ወጥሪ ኮይኑ ዝጸንሐ ዞባ እዩ።

ህንድን ፓኪስታንን ኣብ 1947 ካብ መግዛእቲ እንግሊዝ ናጻ ካብ ዝወጻ ኣትሒዘን፡ ብጉዳይ ዋንነት ዞባ ካሽሚር ኣብ ክርክር ተጸሚደን ይርከባ።

ህንዲ፡ ኣብ ውሽጢ ዶብታ ክካየድ ዝጸንሐ ንጥፈታት ግብረሽበራ ብፓኪስታን ክምወልን ክድገፍን ምጽንሑ እያ ብተደጋጋሚ ትኸስስ።



## ኣብ ዓለም ዝነውሐ ገለርያ ይስራሕ

ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ ባልቲክ፡ ካብ ዴንማርክ ናብ ጀርመን ዝዝርጋሕ፡ ብንውሓቱ ክብረ-ወሰን ዝሰበረ ገለርያ ይስራሕ ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ በበሲ. ሓቢሩ።

እቲ ‘ፈማርንቤልት’ ዝብል ስም ተዋሂብዎ ዘሎ ናይ መካይንን ባቡርን ገለርያ፡ ን18 ኪሎ-ሜትር ዝዝርጋሕ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ኤውሮጳ ዝካየድ በረራታት ንምንካይ፡ ንውሓት ሰዓታት ጉዕዞ ንምጉዳልን ሃገራት ስካንዲናቭያ ከኣ ምስ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ዘለወን ርክብ ንምምሕያሽን ዓሊሙ ይስራሕ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ኣስታት 8.1 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ዝሓተተ ገለርያ፡ ዝበዝሐ ክፋሉ ብዴንማርክ ከም ዝምወል እዩ ተፈሊጡ ዘሎ።

ኣብ 2008፡ ዴንማርክን ጀርመንን ነቲ ገለርያ ንምህናጽ ስምምዕ ከቲመን'ኳ እንተ ነበራ፡ ብሰንኪ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገጠመን ተቓውሞ ግን፡ እቲ መስርሕ ህንጻት ተደናጊዩ ምጽንሑ ምንጪታት ይሕብሩ።

እቲ ኣብ 2029 ንኣገልግሎት ክኽፈት ምኳኑ ዝንገረሉ ዘሎ ገለርያ፡ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 100 ባቡራትን 12 ሽሕ መካይንን ከእንግድ ከም ዝኽእል፡ ክኢላታት ይእምቱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 24/04/2025 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻወል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565